# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 22 ዓመት ቁ. 259 | 17 ግንቦት | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2013 ዓርቢ



ገጽ 3
ወርቃዊ ሰሌድ



ገጽ 4
ውዕል እንተዘይተፈጺሙ፡ ብትሕኽ ዝላዝቡዎ ንብረት ክሽጦ እኽእል ዶ?

ገጽ 5
ኣብራር ዑስማን - ናጽነት ዝጸገዮ ኣትሌት



ገጽ 8
ምስጢር ወናሽ

ገጽ 9
እታ "ናጽነት" ክትወልድ ዝመረጸት




# ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ንክራማት 2013 ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ምቅርራባት ዘትዩ



ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ንክራማት 2013 ብደረጃ ሃገር ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ምቅርራባት ንምዝታይ ብ16 ግንቦት ኣብ ዘቃንየ ኣኼባ፡ በብዘባኡ ተታሒዞም ዝትግበርን ዘሎ መደባት ብመንጽር ትንቢት ዝናብን ዝሓለፉ ጸጋታትን ብዝርዝር ተመልኪቱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘቕረቦ ሓፈሻዊ መእተውን መግለጺ ነጥብታትን፡ ቀዳሚ ከይመላእካ ብዛዕባ ካልኦት ጽላታትን መደባትን ምዝራብ ከምዘይከኣል፡ እዚ ድማ ካብ ዝናብ ክራማት ጥራይ እናተጸበኻ ክሰምር ዘኽእል ስለዘይኮነ፡ ዘላቒ ፍታሕ ንምርግጋጽ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማስኖኣዊ ልምዓት፡ ምግባር ደገፍ ንእዋናዊ ሽግራት፡ ወለንታዊ ምምዕዛዝ ናብቲ ዝለምዕ ከባቢታት ከምኡ'ውን ምድንፋዕ



ኣፍራይነት ካልኦት ጽላታት ብዕቱብ ክሰራሓሉ ከምዝግባእ ብምጥቃሱ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ምውህሃድ እናተጠቐምካ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ማስኖኣዊ ኣገባብ ምስግጋርን ኑቲ ግዚፍ ወፍሪ ዝተኻየደሉ ቀረብ ማሕረስ፡ ንማሕረስ ተዳልዩ ዘሎ ሰፍሓት መሬት፡ ምብዛሕን ምዝርጋሕን ዝተመሓየሸ ዘርኢ፡



ምምሕዳራትን ዝምልከተን ኣካላትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

"ኣብ ዝናብ ጥራይ ዝምርኮስ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣየዋጽእንዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኑቲ ዝርካቡ ዝናባዊ ጸጋታት ብዝዓቢ ማሽነሪን ቴክኖሎጂን ብስፋሑ ምጥቃምን ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃሱ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ ኣብ'ቲ ዝጥቀስ ሕርሻዊ ጸጋታት ዘይብሉ ከባቢታት ዝነብሩ ድማ ብፍላይ፡ ብወለንታኦም - ብቐዋምነት ወይ ብዝተመላለሰ ናብ'ቲ ዝለምዕ ከባቢታት ግዒዞም ከምዝፍርዩን ኑብሶም ከምዝዓብዩን ንምግባር፡ ከም ፈተነ ኣብ 2013 ተታሒዙ ምህላዉ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ገጢ-ገጢ'ቲ ማስኖኣዊ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምድንፋዕ ዝተዳለወ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣፍራይነት ካልኦት ጽላታት ከም ሃብቲ ባሕርን ሃብቲ ጥሪትን ምዕባይ'ውን ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምምልካት፡ እዚ'ውን ከም መደብ ተታሒዙ ልዑል ቆላሕታ ክወሃቦ ከምዝግባእ ኣጺሩ።

ኣብቲ ኣኼባ ሚኒስተራት ሕርሻን ዞባዊ ምምሕዳራትን ብዝወገኖም፡ ንኩነታት ዝናብ ኣዘመራ፡ መደባት ተጠቃምነት ድኻታት፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምኡ'ውን ካልእ መደባት ዝምልከት መብርሂ ኣቕሪቦም።

ካቢነ ሚኒስተራት ኣብ ዘካየዶ ዘተ፡ ንጹር መደብ ምህላውን ትንቢት ክራማት ምፍላጥን ንዝግበር ምድላዋትን ዝወፈር ጸጋታትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብዕቱብ ክሰራሓሉ፡ ዜጋታት ናብቲ ኣብ ትሕቲ ዲጋታት ዝለምዕ ከባቢታት ሰፊሮም በዘበዓቕሞም ክልምዑ ዝወሰድ ስጉምቲ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ክድፋኣሉ፡ ምዕዛዝ ኣብርኽቶ ካልኦት ጽላታት ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ተሰሊዩ ብወህደት ክሰራሓሉ ከምኡ'ውን ትንቢት ኩነታት ክሊማ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ ምውዳድ ሃገራዊ ዘመናዊ ማእከል ሓበሬታ ቀዳምነት ክወሃቦ ብስፋሑ ተመያዩጡ።

** * **

## መራሕቲ ጀርመንን ሲንጋፖርን ዋና ኣመሓዳሪ ሓባራዊ ሃብቲ ኣውስትራልያን መልእኽቲ ዮሃና ሰዲዶም

ዋና ኣመሓዳሪ ሓብራዊ ሃብቲ ኣውስትራልያ ሚስ ኩንቲን ብራሰ፡ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ሲንጋፖር ዶክተር ቶኒ ታን ከንግ ያም ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ጀርመን ጆዋኪም ጋክ፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 22 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

እቶም መራሕቲ ኣብ መልእኽቶም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ብልጽግናን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ ምሉእ ጥዕና ተመንዮም።



# ሓበሬታ በዓል ናጽነት

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ርሑስ ቀንዲ መበል 22 ዓመት በዓል ናጽነት ክኸውን ይኹን፡ ዝኸበርኩም ንዅሉኹም ንምሕዋይ። "መኸተ ዕርድና፡ ስራሕ ክብርና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ትማሊ ምሸት ኣብ መዲናና - ኣስመራ ንበዓል ናጽነትና ንምድማቕ ዝተዳለወ መበራህቲ ብምውላዑ ወግዒ ጽንብል ተጀሚሩ ከም ዘሎ ንሕብር። እንሆ ከኣ ካብ ትማሊ ሰዓት 7፡00 ምሸት ጀሚሩ ንተኸታታሊ ኣርባዕተ መዓልታት ናይ ዋን ማን ጥንድ፡ ካርኒቫ፡ ፍሉይ ፈጠራን ማዳኽበን ዘጠቓልል ትሕዝቶታት ንኹላቶም ነጋድያን በዓል ናጽነት ብናጻ ክፉት ኮይኑ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ኩላቶም ተዓዘብቲ ካብ ትማሊ 16 ግንቦት ሰዓት 7፡00 ምሸት ኣብ ዝጀመረ፡ ፍሉይን መሳጥን መዘናግዒ ብምስታፍ ናይ መበል 22 ዓመት ናጽነት መዘክርታ ክትገድፉ ንዕድም። እዚ ተሰሪዑ ዘሎ ኣርባዕተ መደባት ብምሉኡ ኣሳታፊ ብምዃኑ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ፡ መንእሰያት ክኢሎምኩም፡ ብቐዳምነትን ተወዳዳርነትን ዝፍትሑ መድረኽ ስለ ዝኾነ ንቕድም በሉ ንብል። ወለዲ ደቅም ሒዝኩም ብምምጻእ፡ ታሪኽ ናጽነት ንምዝክርን ንምውራስን ንዝረኸብዎ ዕድላት ክጥቀምሉ ድማ ነተሓሳስብ። እዚ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ዝተወደበ መደባት ንምክትታል ኩላትና ብሓባር ተሳቲፍና በዓል ናጽነት ንኹን።

*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ብዓላት*

# ዝኸሪ 20 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ተጸንበለ

ዝኸሪ 20 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን፡ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ’ውን ዕዱማት ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኽብሉ ብ15 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ቀጸሪ ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ተጸንበለ።

ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ነው ቺያንግ ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ ኤርትራን ቻይናን ዝውንንኦ ተመሳሳሊ ባህልን ታሪኽን ኣብ ሕድሕዳዊ ምኽባርን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ዝተሰረተ ጽኑዕ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክምስርታ ከምዝኣኸላ ጠቒሱ፡ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ ጽላታት ትሕተ-ቅርጺ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ዕደናን ካልእን ብሽርክነት ዝተሰላሰለ ልምዓታዊ መደባት ናቱ መርኣያ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሓላፊ ጠረጴዛታት ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ብወገኑ፡ ዓሚቝ ሰረት ዝሓዘ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ብሓፈሻ፡ ንክልተኣዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ድማ ብፍላይ ድሕሪ ምብራኹ ኣብ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኣመለኻኽታ’ተን ሃገራት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ጽኑዕ መሰረት ዝተኣደቀን ጸቡቕ ኣንፈት ሒዙ ዝምዕብል ዘሎ ዝምድናታትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣቦ-ወንበር ሚኒስትሪ ዳይረክተር ጨንፈር ኤስያ-ፓስፊክ ኣቶ ኣብርሃም ዳዊት ብወገኑ፡ ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ሃገራዊ ናጽነት ንምጉንጻፍ ዝሓለፍኦ ተመኩሮ ብረታዊ ቃልሲ፡ ከምኡ’ውን ዝኽተልኦ ፖሊሲ ምኽባር ሓራ ማሰምር፡ ኣብ ዝምድናኦን እወታዊ ኣበርክቶ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ እዚ ሽርክነታዊ ዝምድና’ዚ ኣብ’ዚ ኤርትራ ኣትያቶ ዘላ ሓድሽ መድረኽ ቀጻልነቱ ወፍሪ ንዚያዳ ምትሕግጋዝ ዘደንፍዕ ባብ ከርሑ ትጽቢት ከምዘለዎ ገሊጹ ኣረዲኡ።

ብድሕሪ’ዚ፡ ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ህያብ ኣበርኪቱ።

ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ድሕሪ ምእዋጅ ወጽኢት ረፈረንደም ኣብ 1993 ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ከምዝመስረታ ይፍለጥ።

## መደባት በዓል ናጽነት 2013

**ምርኢት ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ናይ ሎሚ ዕለት 17/05/2013 ካብ ሰዓት 07፡00 - 09፡20 ምሸት ይቐርብ፦**

1. ኣርእስቲ ደርፊ፦ መንፈስ ሃገር
ደምጻውያን፦ ተመስገን ገ/ስላሴ (ጣፈቶ)፡ ቃልኣብ ተ/መድህን፡ መርሃዊ ተ/መድህን፡ ቴድሮስ ሓጎስ (እሩሩ)፡ ሰዒድ ብርሃኑ፡ ፈቬን ጸጋይ
ግጥሚ፡ ተስፉ ከርስ (ግራይ)፡ ዜማን ኣዋሃሃዲ መዚቃን፦ ተስፋይ ሓጎስ (ሾንቄ)

2. ደርፊ፦ "ኣራንገዮ"
ደምጻዊ፡ ዓብዱ ሳልሕ
ግጥምን ዜማን፦ ዓብዱ ሳልሕ

3. ድራማ፦ ኣጦን ወድን
ደራሲ፦ ብንያም ፍስሃጽዮን
ዳይረክተር፦ ከርስ ገብረሚካኤል

4. ደርፊ፦ ሰላሽ ናጽነት
ደምጻዊ፡ ኣብራ ዮማ
ግጥምን ዜማን፦ በራኺ ገብረመድህን

5. ድራማ፦ ስኢንቀ ሕሽሙ ለዘበ
ደራስን ዳይረክተርን፦ ማሕሙድ ዓሊ ሱላብ

6. ደርፊ፦ "ዓጀ" (ትግረ)
ደምጻውን ዜማን፦ ጀላኒ እድሪስ
ግጥሚ፦ መሓመድ እድሪስ

7. ደርፊ፦ "ምኽኣል’ዩ ምቕባል"(ትግርኛ)
ደምጻዊት፦ ሳባ ዓንደማርያም
ግጥሚ፦ ፈኪ መሓመድ ዳውድ
ዜማ፦ ኣደም ጣህር

8. ደርፊ፦ ሃለልያ (ዓፋር)
ደምጻዊ፡ ግጥምን ዜማን፦ ዓብዱ ኣሕመድ

9. ደርፊ፦ ጉብሊና (ሕዳርብ)
ደምጻዊ፡ መሓመድ ደኑፍ
ግጥሚ፦ ሞገስ ዳዊት
ዜማ፦ ኣቶብርሃን ዑቕባልደት

10. ደርፊ፦"ጽንዓት" (ትግርኛ)
ደምጻዊት፦ ሄለን መለስ
ግጥሚ፡ ነጋሲ ገ/ድንግል
ዜማ፡ ተኽለ ፋኑስ (ማዕረባ)

11. ደርፊ፦ "ህሌና እግልኪ" (ትግረ)
ደምጻዊ፡ ግጥምን ዜማን፦ መሓመድ እድሪስ

12. ድራማ ኮሜዲ፦ ጎደና ምንባር ደራስን ዳይረክተርን ሓጎስ ወልደገብርኤል (ሱዛኒኖ)

* * *


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2214)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 125394 - 08204224

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**
ኤደን ገብረመድህን
ሰላማዊት ክብረኣብ
ሳምራዊት መለስ
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

መጥፋእቲ ሓዊ
202099
202260

ፖሊስ ዞባ ማእከል
(ፖ/ትራፊክ ዞባ ማእከል)
120555

ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
152817

ማ.ቤ.ጽ. ፖሊስ ኤርትራ
127799

# ወርቃዊ ሰነድ

## “መኸተ ድርዕና - ስራሕ ክብርና”

ብየማነ ዓንደብርሃን መልከ

ርእሲ ከተማና ኣስመራ ሓራ ኣብ ዝወጸትሉ ዕለት 24 ግንቦት 1991 እዩ፡፡ ተጋደልቲ ደርኩኹት ኣስመራ ምስ ረገጹ፥ ኣነ ኣብቲ ኢጋጥሚ በቲ ሓደ ከም ዓለመይ ብሓጎስ ክዘልልን ክጭድርን በቲ ኻልእ ደማ ተሃንጥየ ከውጽእን ኑቲ መስተንክራዊ ትርኢት ክሰንድን ካሜራይ ሒዘ ፈቐዶኡ እጎንድር ነበርኩ፡፡ ኣብቲ ኢጋጥሚ ኣብ ዓይኒ ካሜራይ ዝኣተኹዎ፡ ንዘ22 ዓመታት ዓቒረዮ ዝጸናሕኩ ታሪኻዊ ስእልታት ብዝእኽቶ መግለጺ ኣሰኒየ ብምኽንያት'ዛ ክብርቲ ዕለት ንሕተሙት ከዕቅየ ወሲነ ኣለኹ'ሞ - እንሆ ቀዳማይ ክፋሉ ኣስተማቕርዎ፦

## ኣብ ናጽነት ሳዕሲዑ፡ ሰለኣ ሓሊፋ

ገለ ካብ መንእሰያት ኣስመራ ናብ'ቲ ዓይናም'ኳ መሊኣም ዘይጥምትዎ፡ ቤት ጽሕፈት 'ኢሰፓ' (ሕጂ ምም/ዞባ ማእከል ዘሎ) ገጾም ብምምራሕ፥ ነታ ኣብ ዘንጊ ሓሶት ተሰቒላ ዝነበረት ባንዴራ መግዛእቲ ኣውሪዶም፡ ኑቲ ሓዊ ብምርኻዕ ቃልቃል እናበልዋ ኣብ ዓይኒ ካሜራይ ኣእተኹምም፡፡ ብጺጋም ናይ'ቲ ባንዴራ ሒዙ ዘሎ መንእሰይ (ምልክት ተገይሩሉ ዘሎ) ዝርከብ ሓዙሓዝ ዝገዘውቱ ክብርም ግርማይ ተወልደመድህን፥ ኣብ'ታ ዘንጊ ደይቡ ነታ ባንዴራ ዘውረዳ'ዩ፡፡ ክብርም ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ምስ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሳዋ ወሪዱ፡፡ እታ ካብ ዘንጊ ኣውሪዱ ዘቃጸላ ባንዴራ መግዛእቲ ዳግም ኣብ መሬት ኤርትራ ንኸይተንበልብል፥ ኣንጻር ወራር ወያነ ተዋጊኡ ብጅግንነት ተሰዊኡ፡፡

ንሰኻትኩምከ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፥ ካብ'ዞም ብታሕጓስ ዝሰንደሩ ዘለዉ መንእሰያት ወቓሕ ዝበለኩም ወይ ደማ እትፈልጥዎ ሰብ ገለ ኀፍ ኢየብለኩምን!? እስከ ኣስተውዕሉ!



## ሰናዲ እንክስነድ

ኣብ ዕለተ ሓርነት ከተማ ኣስመራ፥ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ርእሲ ከተማና ዝተዋህቦም ዕማም ንምፍጻም ይንቀሳቐሱ ነበሩ፡፡ ብዓቕመይ ኑቲ ታሪኻዊ ፍጻመ ክሰንድ ኢለ፥ ካብ ጉዛውተይ ተበጊሰ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ንዝኣተወለይን ኣገዳሲ ዝበልኩዎም ቅላዓት (shots) እናወሰድኩን እኸልል ነበርኩ፡፡ ሰኣላይ ተጋዳላይ እዮብ ተኽለ ካሜራኡ ተሓንጊጡ፥ ብዘበርቲ ከተማና ተማእኪሉ፥ እናተንቀሳቐሰ ከሎ ምስ ረኣኹዎ ኣንፈት ካሜራይ ናብኡ ኣቕናዕኩ፡፡ ተጋዳላይ እዮብ ተኽለ ሓደ ካብ'ቶም ብካሜራኦም ኣብሎም ታሪኽ ዝሰነዱ ዝነበሩ ሓያሎ ተጋደልቲ'ዩ፡፡ ህዝባዊ ግንባር ብብሉጻትን ወፉያትን ሰኣልትን ጸሓፍትን ኣቢሉ፥ ማእለያ ኣልቦ ብርቂ ስርሓት ዓቂቡን ኣዒንቲ ህዝቢ ኣዕጊቡን'ዩ፡፡

ኣብ መዓልቲ ሓርነት ኣስመራ፥ ሰኣላይ ተጋዳላይ እዮብ ተኽለ፥ ጦብላሕ ንዝበሎ ፍጻመ እናሰነደ እንክንቀሳቐስ ዓበይቲ፥ መንእሰያትን ቈልዑን ዓገቶም ብኣንክሮ ይዕዘብዎ ነበሩ፡፡ ምናልባት “ተጋዳላይ ብረት እምበር ካሜራዶ ይሕዝ'ዩ!” ኢሎም ይሓስቡ ነይሮም ይኾኑ፡፡ ኣብ ገጽ እዮብ፥ ናይ'ቲ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ዝነበረ ሕብራዊ ትርኢት ናይ ምስኣል ህርፋን ኣንበብኩሉ፡፡ ኑቲ ሰናዲ ምስናድ ፍሉይነቱ እናተራእየኒ ብካሜራይ ሰደኩዎ፡፡ እቲ ሰኣላይ ብኻልእ ሰኣላይ ከም ዝተሳእለ ብፍጹም ግምት ኣይነበሮን፡፡ ነታ ናይ'ታ መዓልቲ ስእሊ፥ ንበዙሕ ዓመታት ከም ክቡር ንብረት ዓቂበያ ድሕሪ ምጽናሕ፥ ንሰናዳይን ተሰናዳይን እዮብ ምስ ሃብኩዎ እምብዛ ተሓጎሰ፡፡ ሽዑ ንሽዑ ደማ ኣብ ቤቱ ሰቐላ፡፡

ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ዘመዱ፥ ናብ ቤቱ መጺኣት'ሞ ነታ ስእሊ ምስ ረኣየት ኣደንጺኣ ተሳሒባ፡፡ እታ ሰበይቲ ኣብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ጃሎን እንጣጢዕ በጺሓ፥ ኣብ ጎደና ንዝረኸበቶ ተጋዳላይ እተዐንግል ዝነበረት ዜጋ'ያ፡፡ ንሳ'ውን ኣብ'ቲ ወዕወዕ ህሞት፥ ዓይኒ ካሜራ ከም ዝዓረፋ ኣፍልጦ ኣይነበራን፡፡ ንሰኣላይ ተኽለ ደማ እታ እንጣጢዕ ዘስተየቶ ንሳ ምንባራ ብምንጋር፥ ዝገርም ኢጋጥሚ ኣግሂደትሉ፡፡ ከም ዝኸኑት ኤርትራዊት ኣደን ተጋዳላይን ደኣም'በር ኣዘማድ ምኻኖምስ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን፡፡ እዮብ ነታ እዋን እናዘከረ “ካብ ርሑቕ ቦታ ኢና መጺእና፡፡ ምሕር ድኻምን ጥምየትን ነይሩና፡፡ እታ ሽዓ ዘስተኸኒ እንጣጢዕ ክቶ ኣይርስዓን'የ፡፡ ምኽንያቱ ሂወት ዘረኣትኒ'ያ፡፡ ብዞዕባ ዘመደይ ምዃንክን ዘይምዃንክን ግን ኣብ ሓሳበይ'ኳ ኣይነበረን፥ በዛ ስእሊ ደኣ ኣሚኽኒ እምበር ሕጂ'ውን ብፍጹም ኣይመለለኹኽን” ክም ዝበላ የዕልል፡፡

ተጋዳላይ እዮብ ተኽለ ታሪኽ ሰሪዱ፥ እናሰነደ ተሰኒዱ፥ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕማማት መንግስቲ ከሳጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ ቅድሚ ሓደት ዓመታት ኣብ ኣስመራ ተሰዊኡ፡፡





# ሕግን  ሕብረተሰብን



ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ውዕል እንተዘይተፈጺሙ ብትሕጃ ዝሓዘኩዎ ንብረት ክሸጦ እኽእል ዶ?

ቅድሚ ክልተ ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን ንሓንቲ ዘመደይ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ስለዘለቃሕኩዋ፡ ውሕስነት ክትትሓዚ ብምባል ዝበረታ ናይ ገዛ መኪና ብትሕጃ መልክዕ ሂባትኒ። ድሕሪ ዓመትን መንፈቕን፡ ገንዘበይ ክትከፍለኒ’ሞ ኣነ ኸኣ ከም ትሕጃ ዝሃበትኒ መኪናኣ ክመልሰላ እውትኩሳ። “ኣብዚ እዋን’ዚ ሳንቲም ትብሃል የብለይን፡ ምስ ረሃወኒ ግን ቀልጢፈ ክህበካ’የ። ቅሩብ ጥራይ ተዓገሰኒ” ብምባል ገንዘበይ ክትህበኒ ከምዘይትኽእል ነገረትኒ። ኣነ ግን ኣብ እጀታይ ንእትርከብ መኪና ሸይጠ ገንዘበይ ክእክብ ደልየ ኣለኹ’ሞ፡ ብሕጊ ይፍቀደኒ ዶ?




ኣርኣያ ፍጹም - መንደፈራ

ዝኸበርካ ኣርኣያ፡ ብመሰረት መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ትሕጃ ኣብ መንጎ ኣለቃሕን ተለቃሕን ወይ ብዓል መሰልን ብዓል ዕዳን ብስምምዕ ወይ ብውዕል ወይ’ውን ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ዝቖውም ምኽንያት ምግንዛብ ኒዚ ኣቐሪብኩዮ ዘለኻ ሕቶ ኣብ ምምላስ ሓጋዚ’ዩ። ትሕጃ ኣብ ክልተ ነገራት ይፍጸም። ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ዝግበር ትሕጃን ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝህሉ ትሕጃን እዩ።

ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ዝግበር ውዕል-ትሕጃ፡ ብዓል ዕዳ ንዝኣተዎ ናቱ ወይ ናይ ካልእ ሳልሳይ ኣካል ብውሕስነት የቕርብ። ውዕል-ትሕጃ ናይ ዘይቀሳቐስ ንብረት ኣብ ርእሲ ብጽሑፍ ዝተሰነዐ ምኻኑ፡ እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ዘሎ ቤት መዝገብ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክምዝገብ ኣለዎ። ብዘይ ምዝገባ ዝግበር ትሕጃ ግን ተቐባልነት ኣይህልዎን። ምዝገባን መሸጣን ናይ ብትሕጃ ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ክኸውን ኣለዎ።

ብዓል ዕዳ ብመሰረት ውዕሉ ወይ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተዋህበ ገደብ ግዜ ዕዳኡ ክኸፍል ምስዘይክእል፡ በዓል መሰል ካብ’ቲ ንብረት ትሕጃ መሰሉ ከረጋግጽ ይኽእል። እዚ ድማ ነቲ ንብረት ብምጥቃም ወይ ብገንዘብ ወይ ብንብረት ንምቕያር ወይ’ውን እንደገና ብትሕጃ ንኻልእ ሰብ ብምሃብ ክኸውን ይኽእል። እንተኾነ፡ ብዓል መሰል ቅድሚ ምግባኡ ወይ ምሻጡ ንብዓል ዕዳ ግዴታኡ ክፍጽም ከጠንቅቕ ኣለዎ።

ግዴታ ንኽፍጽም ንኣለቃሓይ ከም ውሕስነት ዝርከብ ንብረት እዩ። ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝህሉ ትሕጃ ብሕጊ ወይ ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ወይ ብውዕል ወይ’ውን ብኻልእ ውልቃዊ ስምምዕ ክግበር ይከኣል። ንኣብነት ካብ ባንክ ገንዘብ ክንልቃሕ ምስእንደሊ፡ ባንክ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ከም ገዛ ወይ ካልእ ትካል ውሕስነት ይደሊ። ተለቃሓይ ድማ ኣብ መጨረሽታ ብዓል-ዕዳ ምስ ዝኣቢ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣወሲኑ ብጨረታ ከምዝሸየጥ ይገብር። ካብ’ዚ ወጻኢ “ኣብ ዝተሰማማዕናሉ ግዜ ኣይከፈለንን” ኢልካ ብኢድ-ወንንካ ንብረት ትሕጃ ምሻጥ ወይ ምጥቃም ግን ሕጋዊ ኣይኮነን።


ብኻልእ ወገን፡ ብዓል ንብረት ካብ’ቲ ኣብ ትሕጃ ዘሎ ንብረቱ ሸይጡ ዕዳኡ ክኸፍል ንቤት ፍርዲ ምስ ዘመልክት ቤት ፍርዲ ከፍቅደሉ ይኽእል። እቲ ትሕጃ ሒዙ ዘጸንሐ ሰብ ከኣ ካብ ካልኦት ኣለቃሕቲ ብቐዳምነት ናይ ምውሳድ መሰል ኣለዎ።

ስለዚ፡ ዝኸበርካ ኣርኣያ ፍጹም ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሕጋዊ ሓሳብ፡ ብዓል መሰል ብትሕጃ ንዝሓዘዮ ናይ ሰብ መኪና ብኢድ-ወንንካ ክትሸጦ ኣይግባእካን። ሕጊ’ውን ኣየፍቅደልካን እዩ። ንዘለቃሕካዮ ግዴታኡ ንኽፍጽም መጠንቀቕታ ድሕሪ ምሃብካ፡ ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ጥራይ ኢኻ ነታ መኪና ክትሸጣ እትኽእል - ሕጊ’ውን ዘፍቅደልካ። እዚ ማለት፡ ከም’ዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ከይገበርካ እትፍጽሞ መሸጣ ግን ብመንጽር ሕጊ ኤርትራ ተቐባልነት ኣይህልዎን እዩ።

## ሓድሽ መርትዖ ድሕሪ ውሳነ ቅቡል ድዩ?

ጉዳይና ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ግቡእ መስርሕ ሓሊፉ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ተዋሂዎ እዩ። እቲ ውሳኔ ኸኣ ኣንጻረይ’ዩ ተዋሂቡ። ጉዳይና ድሕሪ ምውዳኡ ዝረኸብኩዎ መረጋገጺ ግን፡ ኣንጻረይ ንዝተዋህበ ውሳኔ ናብ ረብሓይ ዝቕይር እዩ። ክሓተ ደልየ ዘለኹ፡ ኣብ ክርክረይ ዘየቕረብኩዎ ድሒረ ዝረኸብኩዎ ሓድሽ መርትዖ መሰረት ገይረ ጉዳየይ ዳግማይ ክረኣየለይ ክሓትት እኽእል ዶ?

መንሱር መሓመድ
ነባሪ ምም/ከባቢ ኣባሻውል



ዝኸበርካ መንሱር፡ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ነጥቢ ኣብ መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ዓንቀጽ 6 ተገሊጹ ምስ ዘሎ ኣምር ‘መሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ’ ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ወይ Review of Judgements ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ ጉዳይ ሕጊ ዝጠልቦ መስርሓት ሓሊፉ ፍርዲ ምስተዋህቦ፡ ኣንጻሩ ፍርዲ ዝተዋህበ ወገን ድሒሩ ሓድሽን ወሳንን መርትዖ እንተድኣ ረኺቡ፡ ናይ ድጋፍ ብምኽፋል እቲ ጉዳይ ተኸፊቱ ዳግማይ ክፍተሸሉን ክምርመረሉን መሰል ዘውህቦ ሕጋዊ ኣገባብ እዩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን፡ ሓድሽን ወሳንን መርትዖ ስለዝተረኸበ ጥራይ እዚ መሰል’ዚ ሕሉው ድዩ? ዝብል ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ፡ መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ እቲ ድሒሩ ዝተረኽበ መርትዖ ምስ ከም ተምያን (forgery)፡ ናይ ሓሶት ምስክርነት (perjury) ወይ ብላዕን ጉቦን (bribery) ዝተኣሳሰር ክኸውን ከምዘለዎ ብንጹር ገሊጹ ስለዘሎ፡ ምስ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ገበናዊ ተግባራት ዘይተኣሳሰር ሓድሽን ወሳንን መርትዖ መሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ዘውህብ ኣይመስልን። ብዘይካ እዚ’ውን እቲ ድሒሩ ዝተረኸበ መርትዖ፡ መርትዖ ክቐርበሉ ኣብ ዝግባእ እዋን ኣብ ኣፍልጦ እቲ ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ዝሓትት ወገን ዘይነበረ፡ ፍርዲ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜ ተፈሊጡ ነይሩ እንተዘኸውን ከኣ ኣብ ትሕዝቶ እቲ ፍርዲ መሰረታዊ ለውጢ ምገበረ ተባሂሉ ዝእመነሉ ክኸውን ኣለዎ።

ስለዚ፡ ዝኸበርካ መንሱር፡ ካብ ኢልና ዝጠቐስናዮም ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብድብድቡ ድሒርካ ዝረኸብካዮ ሓድሽ መርትዖ መሰረት ገይርካ ጉዳይካ ዳግማይ ክረኣየልካ ‘መሰል ኣለካ ወይ የብልካን’ ክንብል ኣጸጋሚ’ኳ እንተኾነ፡ ብመንጽር ኣቐዲምና ዝገለጽናዮም መምዘኒታት ግን፡ እቲ ዝረኸብካዮ መርትዖ ምስ ገበናዊ ተግባር ዝተኣሳሰር፡ እሞ ድማ ከም መርትዖ ከይቐርቦ ኣብ ኣፍልጦኻ ዘይነበረን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣንጻርካ ዝተዋህበ ፍርዲ ኸኣ መሰረታዊ ለውጢ ክገብር ዝኽእልን እንተደኣ’ኾይኑ ግን፡ መሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ተጠቒምካ ጉዳይ ዳግማይ ክረኣየልካ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከተቕርብ ከም እትኽእል ሕጋዊ ምኽርና ንልግሰልካ።

# መን ክብል ?

ጉብሩ ክብረኣብ

“ዝበዝሑ ኣብ ሃገርና ዘለዉ ኣትሌታት ኣብ ተጻዋርነት'ምበር ኣብ ኣፈጻጽማ (ሹኳ) ኣድማዕቲ ኣይኮኑን። ንሱ ግን



ኣብ ኣፈጻጽማ ዘርእዩ ብቕዓትን ብልሕን ዝንኣድ'ዩ።” ይብል ናይ ቀረባ ፈላጢኡ ኣትሌት የናስ ሃይሉ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ኣብራር ዑስማን ኣብ ዓዲ ሽማግለ (ን/ዞ/በርክ) ካብ ማእከላይ መኰብሮ ዘለዎም ስድራ ብ1 ጥሪ 1994 ተወሊዱ። ናይ ትምህርቲ ዕድመኡ ምስ ኣኸለ፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዓዲ ሽማግለ፡ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቱ ከኣ ኣብ ኣስመራ ሓፈሻዊ ክሳብ 11 ተኸታቲሉ።

ኣትሌት ኣብራር፡ ተማሃራይ እንከሎ ካብ ኣስመራ ተበጊሶም ብዓደም ዝሓልፉ ዝነበሩ ኣብ ጉያ ዝጦፉ መንእሰያት ብቐጻሊ ይርኢ ስለዝነበረ፡ “መዓስ ኮን ከምዚኦም እኸውን?” ዝብል ቅዱስ ቅንኢ ከም ዝነበሮ ይሕብር። ናይ ጉያ ባህጉ ንምርዋይ ድማ ኣቐዲሙ ስሩዕ ልምምዳት ከኪይድ ከምዘለዎ ስለተገንዘበ፡ ካብ ኣስመራ ናይ 7 ኪ.ሜ. ርሕቀት ዝነበራ ዓዱ ናብ ቤት ትምህርቱ ክኸይድ እንከሎ ጉዕዞኡ ብጉያ ይኽዘሞ ምንባሩ ይሕብር።

ኣብራር ኣብ 2008 ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ጉያ ውድድራት'ዩ ቦኽሪ ስጉምቲ ዘረጋገጸ። ኣብኡ ደሓን ብቕዓት ስለዘንጸባረቐ ድማ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ናብ ስታድዮም ኣስመራ ብምኻድ ምስቶም ቅድሚኡ ዝጀመሩ ኣትሌታት ኣብ ክለብ ዞባ ማእከል ተመዝገበ። ኣትሌት ኣብራር ኣብቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት፡ ኣብ ቀረባ መጺኡ ምስ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ሃገርና ከም ዝሰርሖ ዝምስክር ዝነበረ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ኣፈጻጽማ ዘርእዮ ዝነበረ ብቕዓት ካብ ብዙሓት ተዓዘብቲ ኣድናቖት ኣትረፉ'ዩ።

ኣብ 2009 ዓ.ም ኣብ ሽዑ ኣብ ዝተኣንገደ ሃገራዊ ጉያ ሞሮር፡ ብሰንኪ ሕማም ክሳተፍ ኣይከኣለን። ኣብ 2010 ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ጉያ- ሞሮር ግን ተመኩሮ ደለቡ ብምጽናሕ ተሳቲፉ ጥራይ ዘይኮነ 6ይ ደረጃ ክሕዝ'ውን ክኢሉ። ካብ ውድድር ናብ ውድድር ብቕዓቱ ከዕቢ ዝጀመረ ኣብራር፡ ኣብ 3000 ሜትር ኣብ ዝተጐብረ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ ትራክ ውድድር ተሳቲፉ ቀዳማይ ወጺኡ። በዚ ደው ከይበለ ድማ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምብራቕን ማእከላይን ኣፍሪቃ ውድድር'ውን

ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰርዐ። እዚ ዓወቱ ንመላእ ኣፍሪቃ ወኪሎም ኣብ ኦሎምፒክ መንእሰያት ዝሳተፉ 7




# ኣብራር ዑስማን - ናጽነት ዝጸገየቶ ኣትሌት

ብሉጻት ኣትሌታት ከም ዝምረጽ ገበሮ። ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝተኻየደ ናይ መንእሰያት ውድድር ኦሎምፒክ 3000 ሜትር ድማ ዓወቱ ብምዕቃብ ኣብ ቀዳማይ ተሰሪዑ ጥንዴራ ኤርትራ ልዒላ ኣብ ዘንጊ ኦሎምፒክ ከም እተንበልብል ገበረ። ኣትሌት ኣብራር ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ፍጻመ ዘርኣዮ ፍጥነት ንልቢ ተዓዘብቲ ዝሰለበ'ዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኑቲ ውድድር ብመሳኹቲ ተለቢዥ'ንን መርበብ ሓበሬታን ዝተኸታተልዎ ማናጀራት ኣብ ዓይኖም ክእትውዎ ግዜ ኣይወሰዱን። ከም ውጽኢቱ ድማ እታ ንበዙሓት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ኢዳ ዘእተወት ስጳኛዊት ማናጀር ጆልያ ጋርሻ ኣብ ትሕቲኣ ኮይኑ ክወዳደር ጸውዒት ኣቕረበትሉ። ኣብ ስጳኛ ከይዱ ናይ ፈለማ ኣህጉራዊ ውድድር ክኪይድ ድማ ዕድል ተኸፍተሉ። ኣብ 10 ኪ.ሜትር ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ ክልተ ግዜ ንኹሎም መቐዳድምቱ ራሕሪሑ ተዓወተ።

ኣትሌት ኣብራር ትሕቲ 17 ዓመት'ኳ እንተነበረ ዓወታቱ ግን እናሓደሩ ዝደምቁን ዝሰስኑን ኮኑ፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ 2011 ኣብ ሃገርና ዝተኻየደ




ኤርምያስ ኣስፍሃ




ትሕቲ 17 ዓመት ዝዕድመኦም ኣትሌታት ዝተሳተፍዎ ናይ ማእከላይን ምብራቕን ኣፍሪቃ ናይ 3000 ሜትር ውድድር ተሳቲፉ ቀዳማይ ብምውጻእ ወርቂ መዳልያ ተሸለመ። ኣብዚ ውድድር ኣብ ቅድሚ ደገፍቱ ሃገራዊ ክብረ ወሰን'ውን ኣመዝገበ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ውድድር ናብ ፈረንሳ ብምጓዓዝ ኣብቲ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ኣህጉራዊ ውድድር ብምስታፍ ኑሓስ መዳልያ ተሸሊሙን ጥንዴራ ኤርትራ ኣብቲ ናይ ዓወት ዓንዲ ተሰቒላ ከም እተንበልብል ገይሩን።

ኣብራር ብቕዓቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይዓቢ ብምንባሩ ኣብ ኤውሮጳ ተመኩሮ ዝቐስመሉ ናይ ውድድር ባይታ ረኸበ። ኣብ ዝተሳተፎ ውድድራት ድማ ምስቶም ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኑ ደርቢሕ ብምንባሩ ካብ ማናጀራቱ ኣድናቖት ክረኽብ ክኢሉ'ዩ።

2012 እታ ዝበለጸት ዓመት ንኣብራር'ያ ነይራ። ምኽንያቱ ካብ ነዊሕ እዋን ዝሓልሞ ዝነበረ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ናይ ምዃን ሕልሙ ናብ ጋህዲ ዝቐየረላ ዓመት ብምንባራ። ኣብዛ ዓመት ኣብ ሻንጋይ ( ቻይና) ኣብ ዝተኻየደ ናይ 5000 ሜትር ውድድር ተሳቲፉ ናብ ኦሎምፒክ ሎንደን ዘሕልፎ ደረጃ “A” ኣምጺኡ።

ኣብራር፡ ኣብ ሎንደን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኦሎምፒክ ምስታ ምኩራት ኣትሌታት ዝበርዋ ካልኣይቲ ምድብ ተሰሪዑ ሓያል ቅልስ ኣካይዱ'ዩ። እንተኾነ ዓቢ ተሞክሮ ደኣ ቀሲሙ'ምበር ናብ ዝቕጽል ውድድር ክሓልፍ ኣይከኣለን። ቀቅድሚ'ዚ ውድድር፡ ኣብ ባርሴሎና ኣብ ናይ መንእሰያት ዓለምለኻዊ ውድድር ትራክ፡ ኣብ 5000 ሜትር ተወዳዲሩ 2ይ ደረጃ ብምሓዙ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን በቒዑ'ዩ።

ኣትሌት ኣብራር ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ኣብ ዝጀመረ ‘Dimond league’ ኣብ 3000 ሜትር ኣብ ዶሓ (ቀጠር) ተወዳዲሩ 8ይ ደረጃ እኳ እንተሓዘ፡ ናይ ውልቁ ክብረ ወሰን ዝሰበረሉ ኣጋጣሚ'ዩ ግን ነይሩ። እቲ ሒዝዎ ዝነበረ ክብረ ወሰን 7:40:02 ናብ 7:39: 42 ኣመሓይሽዎ።

“ጉያ ተወህቦ'ዩ። ኑቲ ተውህቦኻ ግን ብቐጻሊ ልምምድ ከተማዕብሎ ኣለካ” ዝብል ኣብራር፡ ሓደ ሰብ ንፉዕ ኣትሌት ክኸውን፡ ዲሲፕሊንን ስሩዕ ልምምዳትን ከኪይድ ከም ዘለዎ ይሕብር። ዝኸይዶም ልምምዳት ኣመልኪቱ ድማ፡ ካብ ከተማ ወጺኡ ናይ ሰዓትን ፈረቓን ንኣስታት 20 ኪ.ሜትር ከም ዝኸዩን ኣብ ውሽጢ ከተማ'ውን ኣብ ናይ ትራክ ሜዳ ብዘይ ምቁራጽ ልምምዳት ከም ዝፍጽም ይሕብር።

ኣትሌት ኣብራር፡ ኣብ ሲንጋፖር ኣብ 3000 ሜትር ዝተዓወተሉ ውድድር፡ ንዝነበሮ 08:04 ግዜ ናብ 7:40 ምቕያሩ ኣገዳሲ ከም ዘሐጎሶ ይገልጽ።

ካርቦ ሃይድሬትን ፕሮቲንን ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢታት ምምጋብ ከም ዘዘውትር ዝሕብር ኣትሌት ኣብራር ዑስማን፡ ዝመልኮን ክወዳደር ዝብርሆን ውድድር፡ ናይ 5000 ሜትር ናይ ትራክ ውድድር ምዃኑ ይገልጽ።

ናይ መጻኢ መደብ ናይዚ ኣብ ሓራ ኤርትራ ተወሊዱ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ስሙያት ኣትሌታት ክኸውን በቒዑ ዘሎ ኣብራር ኣብ ቀረባ ግዜያት ኣብ ሆላንድ ኣብ ዝካየድ ዓለምለኻዊ ውድድር ምስታፍ'ዩ። ኣብዚ ውድድር'ዚ ውጽኢት ኣምጺኡ ንሃገሩን ህዝቡን ከሰምዒ ከኣ ተስፋኡ ልዑል'ዩ። ንሕና'ውን ዓወት ንምነየሉ።

# ምልክታ

ዳህብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሳቹፍ/ኤርትራ/ሓ.ዝ.ብ.ማ ዕንዲዳ ንዘጻርያ ደቀንስትዮ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ስለዘለዎ ተገደስቲ ኣብ ከባቢ ገጀረት 171 ጎደና 4 ቁ.ገዛ 3 ድሕሪ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ዝርከብ መኽዘን ቀሪበን መብርሂ ክምዝረኽባ ንሕብር።
ኣመልካቲት ሃገራዊ ግቡእ ዘማለኤት ወይ ዘይምልከታ

ሳቹፍ/ኤርትራ/ሓ.ዝ.ብ.ማ

## ምልክታ

ብስም ዘውዲ ሰዩም ዓንደጼን፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ዳዕሮ ጳውሎስ ብመወከሲ ቁጽሪ 000499 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 001316 ፕሎት 47 ፓርሰል K ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07201834 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ግን መተካእትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

## VACANCY ANNOUNCEMENT

The Housing and Commerce Bank of Eritrea wants to employ qualified Personnel who fulfill the under stated criteria for the following post.

1. Number Required. …………………One
2. Job Title ……………………………Clerk Typist
3. Qualification required…………… ..High school complete
4. Additional Skill ……………………Computer Operations
5. Salary & Benefits …………...........In accordance with the Bank's scale.
6. Age…………………………………Up to 40 years
7. National Service…………………....Completed or exempted
8. Place of Assignment………………..Massawa

Interested candidates are hereby invited to submit their written applications plus C.V and related credentials to the Human Resources Department within 10 days from the date of this announcement.

**Housing and Commerce Bank**
**P.O.Box 235**
**Telephone 120350**
*Asmara*




## BID INVITATION FOR DATA PROCESSING

To update the existing marty's beneficiaries database, know the actual number of martyr's beneficiaries, and their current economic conditions and identify the severity of their vulnerability, Ministry of Labour and Human Welfare (MLHW) has launched a pilot study in Zoba Maekel both in rural and urban areas. The study using its structured questionnaire, which is designed in roster form, has gathered information for 20,000 to 25,000 martyr's beneficiaries. To materialize the above stated objectives, there is a need to enter the data into machine readable form, clean it and process it.

**GENERAL INFORMATION AND REQUIREMENTS**

Ministry of Labour and Human Welfare (MLHW) by supplying work space with computers, would like to invite qualified and well experienced persons or institutions to enter, process the data and submit the result within 40 working days. The candidates are recommended to have renewed license for the year 2013. Applications will be received up to 10 days after the date of advertisement and on short listed candidates will be contacted.

MLHW Will not be obliged by the bid if it has got better choices that would benefit it.

**MAJOR ACTIVITIES TO PERFORM**

1. Data entry and 100% verification
2. Data cleaning and editing (both manual and automatic batch editing)
3. Data analysis which includes tables and indices production
4. Merge the clean data with the existing database of the ministry

**MINIMUM QUALIFICATION AND EXPERIENCE**

1. BSc. degree in Statistics or computers science
2. Adequate knowledge of data processing softwares (CSPro and SPSS )
3. Sufficient knowledge on time updatable and scalable database design
4. Working experience minimum five years in field of data processing of roster data and database design and programming.

Interested candidate should submit their technical and financial proposals with their personal resume (CV) of the persons participating within 10 working days of this announcement to:

**Ministry of Labour and Human Welfare**
**P.O.Box 5252**
**Asmara, Eritrea.**

BRITISH AMERICAN TOBACCO ERITREA

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ብሪቲሽ ኣሜሪካን ቶባኮ ኤርትራ ሼር ካምፓኒ ንናይ ቤት ጽሕፈት ኣግልግሎት ዝውዕል ናይ ቤት ጽሕፈት መስርሒታትን መጸራረይን (Stationeries & Toiletries/detergents) ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፥ ነዚ ተሓቲቱ ዘሎ ቀጥዕታት ዘማልኡ ግዱሳት ተጫረትቲ ኣብዚ ጨረታ ንኽሳተፉ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት:-

1. ናይ2012 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፈቓድ
2. ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 2,000.= (ክልተ ሺሕ) ብC.P.O ኣቕዲሞም የትሕዙ።
3. ተጫረቲ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ መወዳእታ ዕለት 28 ግንቦት 2013 ሰዓት 9:00 ቅ. ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈትና መጺኦም ናይ ጨረታ ሰነዳቶም የረክቡ።
4. ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ግንቦት 28, 2013 ኮይኑ ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰዓት 10 ቅ.ቀትሪ ኣብ ትካልና(Conference Room) ይኽፈት።።
5. ብሪቲሽ ኣሜሪካን ቶባኮ ነዚ ጨረታ ብኽፊል ወይ ብሙሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
6. ተጫረትቲ ናይዚ ተሓቲቱ ዘሎ ዝርዝር ኣቑሑ ዋጋን ክፍሊትን ብናቕፋ ምዃኑ ኣቕዲምና ክንሕብር ንፈቱ::
7. ሰነድ ጨረታ (ዝርዝር ኣቑሑ) ኣብ ሰዓታት ስራሕ ካብ (8:00ቅ.ቀ - 4:30ድ.ቀ) ካብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ( Procurment section) ይወስዱ፣

ኣድራሻና፡- ብሪቲሽ ኣሜሪካን ቶባኮ ኤርትራ ሼር ካምፓኒ
ጎዳና ፊልከት ቁጽሪ ገዛ 62
ፖ.ሳ.ቁ. 749 ቁጽሪ ቴሌፎን 125811-12/121570
ኣስመራ።

DolceVita®

THE ITALIAN LIFESTYLE

ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ብምኽንያት በዓል ዳግማይ ትንሳኤ ዝጸንሐ
ምጉዳል ዋጋ ቀዳም ዕለት 18 ግንቦት ናይ መጨረሽታ መዓልቲ ምዃኑ
ንዓማዊሉ ክሕብር ይፈቱ፡

ኣድራሻና

ኣስመራ

- ጎደና ሓርነት ቁ. 32
  ፊት ካተድራል ቤ/ክ
  ቁ.ስ. 110074
- ጎደና ተጋደልቲ(ባራቶሎ ነበር)
  ጎዳይፍ
  ቁ.ስ. 182383
- ኣስማራ ፓላስ
  ኢንተርኮንቲነንታል ነበር
  ቁ.ስ. 153700 ext.2280

መንደፈራ

- ከባቢ ሞቢል 09 ነበር
  ቁ.ስ. 610017

ከረን

- ፓላሶ ሪቫ
  ቁ.ስ. 400301

ደቀምሓረ

- ጥቓ መድሃኔዓለም ቤተክርስትያን

# መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ


## 15 ግንቦት - ሃገራዊ መዓልቲ ምግራብ




* ኣግራብና ውሕስነት ማይና!
* ሓምላይ ክለባት ነሰስን!
* ምትካልን ምክንኻንን ገረብ መግለጺ ምዕቡል ሕብረተሰብ'ዩ!
* ሓመድን ማይን ዓቂብና ኣግራብናን እንስሳ ዘገዳምናን ነሰስን!
* ውሁድ ጻዕሪ ንምምካት ምድረ-በዳነትን ምድካይ መሬትን!
* ዕቃብ እንስሳ ዘገዳም ንቐጻልነት ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት!
* ባህርያውያን ኣግራብና ንዓቅቦም፣ ነሰስኖም!
* ሎሚ ዝተኸልናዮን ዝዓቀብናዮን ገረብ ቀጻልነት ሂወትና እዩ!
* ምግራብን ዕቃብ እንስሳ ዘገዳምን ኣካል ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ እዮም!

* ማይና ህይወትና ኣግራብና ምንጪ ማይና!
* ብዘይ ማይ የለን ጠሊ ብዘይገረብ የለን መጽለሊ!
* ማይ እንተ ዝዕቀብ ምሰሰነ ገረብ!







**ሓያል ጻዕሪ ንሓምላይ ወፍሪ!**

# ካብ ህድሪ ጀጋኑ

ኣብርሃም የውሃንስ(ኢብር)

# ምስጢር ውነሽ

ኣብ ዝሓለፈ 8ይ ክፋል፡ ውነሽ ምሕዋያ ምስተረጋገጸ ናብ ኣሃዱኣ ክትከይድ ምኳና ከምዝተነግራ፡ እዚ ሓበሬታ'ዚ ንበዓል ኣለምን ሰለሜን ዘሰንብድ መርድእ ከምዝነበረ፡ ሽዑ፡ ውነሽ ኣብ መንጎ ናብ ኣሃዱኣ ናይ ምኻድ ድሌታን ንበዓል ሰለሜ ምእላይን ከምዝተቖርቀረት ክቡራት ኣንበብቲ ረኺብኩምዎ ኔርኩም። ቀጺልና ንብይገን ምትራፈን መሪት ከም ኣፍ ዑንቅ ዝጸበበተን በዓል ኣለም ብዝኸ ከምዝተቓጸላ፡ እታ ኾ ኩላዊያ ዝነበረ ተዘሓለ ዝተሰኞ ሰለሜ ዘሕዝና ነገር ንውነሽ ብዓይና ከይረኣየታ ትኸይድ ምህላዋ ምስ ተረድአ፡ ከምዝተኸልበጠት፡ ኣብ መወዳእታኡ ግን ስንብት ከምዝገበሩ፡ ውነሽን ብጾታን ተፈላልየን ገዛ ውነሽ ናብ ደፋዕ ከምዝቐጸለ ክቡራት ኣንበብቲ መቐጸልታኡ ደሰዑ።



ተጋ/ ውነሽ ሓድጉ

## 9ይ ክፋል

ተጋዳላይ፡ ድሕሪ ፍሽለት ሰላሕታ ወራር፡ ኣብ ምስራሕ ደፋዓት'ዩ ተጸሚዱ። ኑዩም ሰማይ ጠቀስ ኸቦታት ሰፍ ዘይብሉ ኣጉናድ ከይደበሱም ተራእዩ። ኣፍራዛን ባዴላን እናተጠቕመ ጉዳጉዲ ዕርድታቱ ኣብ ምህናጽ ተዋፊሩ። ጥቕሚ ምህናጽ ጸኑዓት ዕርድታት ኣብ ሕሉፍ ተመኩሮታቱ ኣስተማቒሩዎ'ዩ። ብርሃጽካ ደምካ ምውሓስ ንተጋዳላይ ዓቢ ትርጉም'ዩ ዘለዎ።

ኩ-ጊኢዚ ደማ ፖለቲካውን ኣካዳሚያውን ትምህርቲ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ከካይድ ጀሚሩ። እታ መዓልቲ ካብ ወጋሕታ ክሳብ ምሸት ብመደባት ተቐጺጻ። ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተቐቢለም'ለ።

ጸላኢ ዘፍ ብምባሉ ኳሕ የለ ገልጠም የለ'ዩ ኮይኑ። ብዘይካእቶም ስሕት ኢሉም ዝትኩሱ ከበድቲ ብረታት ዝኾነ ደሃይ ኣይነበሮን። ብኸምዚ ከኣ ዓመተ 1984 ኣተወት። ኣብታ ዓመት እቲኣ ጥራሕ ምትሓዝ ተሰነይ-ዓሊግድርን ምፍራስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተኸሰተ። ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ'ዩ ተሰኪሙ። እቲ ካብ ናይ ዓወት ቦታታት ዝተረኽበ ኣጽዋር ንህዝባዊ ግንባር ዓቢ ናይ ገስጋስ ሓይሊ'ዩ ኮይኑዎ።

ብድሕሪ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ናይ ኣውዳድባ ለውጢ ክገብር ዕድል ረኸበ። እቲ ብደረጃ ብርጌድ ክኸይድ ዝጸንሐ ኣቃውማ ናብ ደረጃ ክፍለሰራዊት ደየበ። ሽዑ፡ ክፍለሰራዊት 70፡ ክፍለ-ሰራዊት 61፡ ክፍለሰራዊት 52፡ ክፍለ-ሰራዊት 85፡ ክፍለሰራዊት 101፡ ክፍለ-ሰራዊት 74 ዝበሃላ ኣሃዱታት ቆይመን። ብወጻኢት ምትሕንፋጽ ብርጌዳት 44 ምስ 23 ድማ ክፍለሰራዊት 96 ቆይማ። እቲ ኩነታት ግን በዚ'ውን ኣየብቀዐን። መጥቃዕቲ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንምትሓዝ ከተማ ባረንቱ ወለዱ። ባረንቱ ብኣተሓሳስባ ጸላኢ "እታ ክትተሓዝ ዘይትኽእል ከተማ" እናተባህለት'ያ ክትግለጽ ጸኒሓ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ግንባራት ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ክፍለሰራዊት 70ን 96ን ከምኡ'ውን ሓደ ብርጌድ ናይ ሳግም ጥራሕ'የን። ጸላኢ ምስተን ኣብ ባረንቱ ሕቖኡ ዝዝበዛ ኣሃዱታት'ዩ ዝቁራቘስ ኔሩ። ደሓር ግን ንሰን'ውን ካብቲ ዝተጻወደለን ከበባ ኣምሊጠን ናብ ናይ ቀደም ዕርድታተን ተመሊሰን። ነፍሲ-ወከፍ ኣሃዱ ኣብ ዝነበረቶ ደፋዕ ዓረዱ።

ኣይደንገየን ወፍሪ ባሕራኒጋሽ ዝተሰምየ ወራር ተወለዐ። ማለት 8ይ ወራር ምኻኑ'ዩ። "ወንበዴታት ኣብ ባረንቱ ከበብአን ኣናኸሲመየም'የ" ዝበለ ጸላኢ ብዓወት'ቲ ዝወልዶ ወራር ዳርጋ ኣይተጠራጠረን። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ፡ ወራር ክጀምርን ንሰለስተኦም ግንባራት ክፍርሶምን ግዜ ኣይወሰደን።

ብ10 ጥቅምቲ 1985 ኣመና ዘሻቕል ኩነት'ዩ ተፈጢሩ። ልክዕ ሰዓት ዓሰርተን ዓሰርተን ምስክ ንታባ ዓሰርተ ኣፍረሰዋ። ታባ ዓሰርተ ኣብ ግንባር ሓልሓል እትርከብ ጸንዓቲ ዕርዲ'ያ። እዚ ክስተት'ዚ ንኹሉ ተጋዳላይ ዘገረመ'ዩ ነይሩ።

እቲ ኩነታት ንተጋዳላይ ሓዊ ኣጉዳሉ ነበረ። እቲ ዘይትጻሃ ዝበሎ ዕርዱ'ዩ ፈሪሱ። ካብኡ ንናብኡ ክፍለ-ሰራዊት 96 ከምኡ'ውን ክፍለሰራዊት 70 ኣብ ውግእ ባረንቱ ዘይተሳተፋ ኣሃዱታት ብምንባረን እኹል ሓይሊ ሰብ'ዩ ነይሩወን። እተን ካልኦት ክፍላተ-ሰራዊት ግን ገና ውጉኣተን'ውን ኣይተመልሰወንን ነይረን።

ከምኡ ክንዲ ዝኾነ፡ ክፍለሰራዊት 96 ንዝፈረሰ ዕርዳ ንምምላስ ኣብ ሓያል ቁርቁስ ኣተወት። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ውግእ ዝኸፈል ዋጋ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ንምግባር ጀጋኑ ኣብ ሓያል ውግእ ተጸምዱ። ደቓይቕ ተደጋጋሚ ህጁማት ተኻየደለን። ንሳተን'ውን ብኣኡ መጠን ዋጋ ሓተትኦም።

ጸላኢ ብምሉእ ሓይሉ ምብጋሱ ካብቲ ዘለዎ ጸዕቂ ሓይሊ ሰብን ዝጥቀመሉ ዝነበረ ጸዑቕ ደብዳብን ክፍለጥ ይከኣል ነበረ። ብመሰረት ውጥኑ ንግንባር ሓልሓል ኣፍሪሱ ዛራ ክቕጽል፡ ካብኡ ናብ በዓል ባድን ክኣቱ'ዩ ወጢኑ። እተን ንግንባር ናቕፋ ዘፍረሳ ኣሃዱታቱ ድማ ንተጋዳላይ እናኾብኮባ ብኣዱብላ ገይረን ናብቲ ናይ ባድን ኣሃዱታት ክጸንበራ። እተን ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘፍረሳ ኣሃዱታቱ ኸኣ ንበዓል ሓለብትን ዓምበርበበን ጸራሪገን ኩለን ኣብ ከበቢ ዒታሮ ክራኸባ'ሞ ምድምሳስ ህዝባዊ ግንባር ብምልኣት ክረጋገጽ እዩ ተመዲቡ። እንተኾነ እቲ ሽሾ ሰራዊት ኮነ ህድግለለ ዘይብሉ ደብዳብ ፍረ ኣይተረኽቦን።

ተጋዳላይ ነተን ዝተታሕዛ ቦታታት ንምምላስ ለይትን ቀትርን ብዘይ ዕረፍቲ ተዋግአ። ኣብቲ ሓደሽ ማካኸሊ ዕርዱ ኮይኑ ናይ ሞትን ሕየትን ውግእ ቀጺሉ። ኣብ መንጎ'ቲ ዘይርጉእ ኩነታት ውነሽ ንገሬ ዝተባህለ ወዲ ኣሃዱኣ ርእየቶ። ናፈቓቶ'ያ ነይራ። እንተኾነ ሓበሮም ጉጅም ንኽብሉ ዝዕድም ሃዋህው ኣይነበረን። እምበር ከምቲ ናፈቓቶ ዝነበረትሲ ኣብ ሕቑፉ ተሸኩዓ ምሉእ ለይቲ ክተዕልሎ'ውን ኣይምጸልኣትን።

ንሱ'ውን ከምቲ ርእይ ምስ ኣበሉቶ ልባ ዝተመልሐ ልቡ ተመሊሑ ነይሩ ይኸውን። ኣብ ከበድ ውግእ እንዶም ተጸሚዶም! ውግእ ከኣ ናይ ፍቕሪ ሰዓታት መዓስ ኮይኑ! ናይ ውግእ ነገር ፍሉጥ'ዩ። ጸላኢኻ ተኸሱ ከየውደቐካ እናተጠንቀቕካ ንጸላኢኻ ተኩሱካ ምውዳቕ'ዩ። እዚ ክትገብር እንተድኣ ዘይክኢልካ ተሳዒርካ ማለት'ዩ።

ውነሽን ገሬን'ውን መጸምዲ'የም። ኣብቲ ርሑስ ጋማ ድኣ'ምበር ከም ኣቦኸኑም የርእየና ፍሬኸኑም ዘይብዝሎ ሰውራ ተዛሚዶም ንኽይጠልማን ከይትጠልሞን ብሰም ሰውኣቶም ተማሓሒሎም። መርዓ ሰውራ ግን ካብ ወላድ ዘህድም ድኣ'ምበር ወላድ ዘሀንጢ መዓስ ነይሩ። ጸባሕ ንሰዋእሲ ሰለምንታይ ንወልድ ዝበል ኣረኣእያ ዝሰዓለ ቦታ ሒዙ ነይሩ።

ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ክወልድ ዝደሊ ተጋዳላይ ዳርጋ ኣይነበረን። ከም ገለ ጥንሲ እንተድኣ ኣጋጢሙ ድማ ኣቦኡ ዘፍለጠ ጽላል'ዩ ዝኸውን። ጉዳይ ውነሽን ገሬን'ውን ብኸምቲ ዝደልየዎ ብልሙጹ ክቕጽል ኣይከኣለን። ውነሽ ፍሉያት ስምዒታት ምስወረሩዋ ነብሳ ክትጥርጥር ጀሚራ። እቲ ስምዒት እናሓየረ ንስግኣታ ኣበርኸ። ንዝነበራ ትምክሕቲ ክህሙኽ ኮነ ኣሉ ዝተፈጥረ ኩነት ገይራ ስለዘወሰደቶ ኸኣ መንፈሳ ክርበሽ ጀመረ።

ድሓርሲ ኣብ ክሊ'ቲ ሓደገኛ ጸገም ምውዳቓ ኣረጋገጸት። ብዘዕባ'ዚ ዘይንቡር ምልክታት ኣቐዲማ ንመዛምዳ ሓቢራቶ ነይራ'ያ። ኣብ ፈለማኡ ብምንባሩ ግን ነብሳ ከምትጥርጥር ጥራሕ'ያ ክትዛረብ ዝኸኣለት። ምስ ግዜ ግን እቲ ሓቂ እናተዘረጋ መጸ። ሽዑ፡ ብሓርቖት ክትነትጉ'ያ ደልያ።


"ኪጋደል ዲየ መጺአ ዋላስ ክወልድ?" ትብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮኣ እናተመላለሰ ድቃስ'ያ ከሊኣታ። ልክዕ ከም ዓቢ ደወል ከኣ ጸጺሓ ተበራብራ ነበረት። ሽዑ ርእሳ ሒዛ ኮፍ ትብል'ሞ ብሓርቖት ዲዩ ዋላስ ፍርሒ ዘይፈለጠቶ ረሃጽ ብኸልተ መታልሓ ኮረርትረር ኣበለት።

እታ ንኡብሳ ኩኖ ምንባር ክትዕየራ ዝጀመረት ውነሽ ምስ ግዜ ኑብሳ እናሓፈሰ ክመጽእ ተራእዩ። ምስጢራ ግን ኣብ ውሽጣ'ዩ ዝነበረ። ብዘይካኣን ብዘይካ'ቲ ዘተንብሃትሉ መጻምዳን ብዛዕባ ጥንሳ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ኑቲ ካብ ግቡእ መጻምድታ ዝጠለሶ ብምስጢር'ያ ሒዛቶ።

ገሬ'ውን ፈራሒ'ያ ትኸውን ኢሉ'ዩ ዝሓሰበ። እምበር ኣብ ማህጸን ውነሽ ፍረ ከርሱ ዝኾነ ዕሸል ከምዝተጸናነሰ ይፈልጥ ኣይነበረን። እንተኾነ ነገር ጥንሰስ ግዜ'ዩ ዝቖልዕ። ግዜ እናወሰኸ ብዝኸደ መጠን እቲ ውነሽ ጥራሕ እትፈልጦ ዕሸል'ውን መጠኑ እናወሰኸ ክመጽእ ተራእዩ።

"እዋይ ኣነ ተካሊት!" በለት ውነሽ፡ "ውነሽ ጠራሳ ካብ ደፋዕ ናብ እንዳ 17 ወራዳ" ዝብል ወረ ዝናፈስ ዘሎ ኮይኑ እናተሰምዓ ጭንቀት ገበረላ። ምኽንያቱ እቲ ዕሸል ሓደ ክልተ እናበለ ዝጀመሮ ኣዋርሕ ናብ ሸውዓተ በጺሑ ነይሩ ክሱ ብዙሕ ኣይተወጠጠን። ኲ-ኲ ውግእ ኣየዕረፈን። ውግእ ብዘይ ምዕራፉ ግን ኣቐሲኑዋ ነበረ። ምኽንያቱ ንሳን ዕሸላን ዝሰውኡላ መዓልቲ ርሒቕቲ ከምዘይኮነት'ያ ትግምት ዝነበረት።

"ጥንሰይ ብምስጢሩ ክሰዋእ ኣሎ!" በለት ውነሽ፡ ምስ ነብሳ'ያ ተዛሪባ፡ ዘረባ ጥራሕ ግን ኣይነበረን - ውሳኔኣ'ዩ ነይሩ።



ተጋዳላይ ኣብ ዘይዓርፍ ምትሕንናቕ

ይቕጽል



# ደሃይ ደቀንስትዮ

ነጃት ኣደም

# እታ "ናጽነት" ክትወልድ ዝመረጸት

ደቂሰብ፡ ሰብኣይ ብምዃኖም ጥራይ ጾታዊ ፍልልያቶም ብዘገድሱ ማዕረ



ማሰልን ክብርን ክህልዎም ግድን'ዩ። ኣፈጣጥራ ሰብኣይ እንተረኣናዮ'ውን ክልተ ሓደ ምሉእ ንኽቖሙ ዝዀለ'ዩ። እንተኾኑ ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ መዋእል ዝጸንሐ ሕብረተሰብ ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ምዕሩይ ኣረኣእያ ኣይጸንሖን። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ግና ነዚ ድሑር ኣረኣእያ'ዚ ሰዒረን ግቡኣን ብምፍጻም ማሰለን ዘረጋገጻ ብምዃነን ኣብ ዓለም ብኣብነት እናተገልጻ'የን ዝነብራ ዘለዋ።

ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከምኡ'ውን ናጽነት ኤርትራ ንምውሓስ ዝተገብረ ሰራሓትን ዝተኸፍለ መስዋእትን ብዝምልከት፡ ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ እንተዝካየድ፡ ተራ ደቀንስትዮ ብዝያዳ ዝለዓለ ቦታ ምሓዘ ነይሩ። ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ ቃልሲ፤ ደቀንስትዮ ብዝካ'ተን ብረት ዓጢቐን ዝተቓለሳ ኣብ ውሽጢ ጸላኢ፤ ተጋደልቲ ዘዕቆባን ዘድሊ መሳለጥያታት ዝቖረባ፡ ሓፋሽ ውድባት ኮይነን ዝሰርሓ፡ ወርቀን ገንዘበን ንብረተንን ጉልበተንን ንሰውራ ዘወፈያ. . . . ክንደይ ኢልካ'ሞ ክትቆጽረን።

ምናልባት እታ መንእሰይ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ዝኾነት ሓርበኛ ተጋዳሊት፡ ንእሹቶ እንክላ ኣብ ውሽጢ ኣደኣ ኮይኑ ኣብ ክሸንጉዱ ጥራይ ተሓጺራ ትተርፍ ይመስላ ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግን ምስ ኣበየት፡ ነቲ ንምውላድ ናጽነት ዝተገብረ ጸውዒት ከተማልእ ምስ ተበገሰት፡ ኣብ ሞንጎ ወድን ጓልን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሞንጎ ደቂተባዕትዮ'ውን ፍልልይ ከምዘሎ ብተግባር'ያ ርእያቶ። ብመንጽር'ውን ከምቲ ካብ ወዲ ተባዕታይ እትጽበዮ ጓለንስተይቲ ዘሎ፡ ካብ ወዲ ተባዕታይ እትበልጽ ጓለንስተይቲ ከምዘሎ'ውን ኣረጋጊጻትልና። ማዕረ ሰብ ክተገልግል ከም እትኽእል ከሊጅ ኣየድለያን። ሰራሕ ዓጢቓ ብምሽብሻብ ናብ ሜዳ ወሪዳ ንኣዋርሕ ኣብ መደበራት ታዕሊም ፈፊው ኢላ። ኣብ ድፋዕ ድማ ንዓመታት ተናቢራ፡ ተቓሊሳ፡ ኣቃሊሳ፡ ሰንኪላን ተሰዊኣን።

ናብራ ድፋዕ ንዓኣ ናብራ ጭንቀት፡ ምርባሸን ዓቕሊ ጸበትን ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ጉልበታ፡ ደመ-ረሃጻ ክብር ህይወታ ናብ ቅዱስ ዕላማ ክተወፍዮ ዓቢ ፍስሃ'ዩ ዝፈጥረላ ነይሩ። ማዕርነትን ማሰልን ክትረክብ ናይ ትሕተ-ሰምዒታት ስውጢ ከተምጽእ ናይ ሓንጎል መሕጸቢ ማእከል ኣይጠለበትን። ብግብራ ብሓያል ኒሕ፡ ጻዕርን ተዋሳእትን'ያ ናብቲ ማእከል ኣትያ። ዘተባብዕ'ምበር ዘዋስና ስለዘይነበረ ከኣ ዓወት ኤርትራን ናጽነታን ከተረጋግጽ ኣበርክቶኣ ኣዝዩ ዕዙዝ ከምዝዀነውን

ብወግዒ ዝምድና ምእዋጁ፡ ንመርዓ ሓንጎፋይ ኢለን ከይቕበላኦ ሰኽፍኽፍ ስለ ዝበለን፡ ክንደይ ኣሽሓት ሰሚናራትን'ዩ ተኻዩዱሉ።

ዝምድና ብወግዒ ምስ ተፈቕደ'ውን ቈልዓ ካብ ምውላድ ምቑጣብ ከም ሓደ ግድነታዊ ጉዳይ ይወሰድኦ ነይረን። ኣብ ኣተሓሳስባኣን ጥንሲ ማለት ንበዙሓት ድሌት ኣይነበራን።

ንምንታይ ግን ጸልኣ ወላድ! ወላድ ክቡር ህያብ ሃብቲ ናይዛ ዓለም'ዶ ኣይኮነን? ወላድ ተፈቃሪ ተሰፋ ህይወት፡ መንፈሳዊ ርወየት ዝሀበካ ዶ ኣይኮነን? ብልክዕ እወ፡ ግን እታ ሓርበኛ ተጋዳሊት ወላድ'ዶ ጸሊኣ ይመስለና? ኣይኮነን፡ ቅድሚ ወላድ ዝረኣየ ስለ ዝነበረ ደኣ ንዕኡ ኣቐዲማ - ምውላድ ናጽነት ኤርትራ።

ኣሕዋት ፍጡራት ከምኣን ከም ወላዳን፡ ብኤርትራውነቶም ምኽንያት ይቕተሉ፡ ይእሰሩ፡ ይዝመቱን ይሰንከሉን ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብቲ ርሱን ኩናት ብጾታ ይስውኡ ነይሮም። ሽዑ እዛ ሃያብ ቦቓቒ፡ ኣክንዲ ንሓደ ወላዳ ንዘጠዝሐ ህዝቢ ክተርፍ፡ ኣክንዲ ወሊዳ ምስ ወላዳ እትሰሕቕ ኮይኑ።

ኣብ ሰዊት ዕድመኤን ኣንጻር ደመኛ ጸላኢ ክቃለሳ ንሜዳ ዝወረዳ፡ ኀጥን ሩባን ክሰግራ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ዝኸርተታ ሓያሎ ተጋደልቲ ደቀንስትዮ፡ ይትረፍ ብዛዕባ ወላድ ክሓስባስ ንግሉ፤ ምስ ወዲ ተባዕታይ ፍቕሪ ዝህሉ'ውን ኣይመስለንን'ዩ ነይሩ። ወላ'ኳ ክትፍቀር ከተፍቅር ዘይተርፍ ባህርያዊ ትዕድልቲ ወዲ ሰብ እንተነበረ፡ ቅድሚ ሃገራዊ ናጽነት፡ ቅድሚ'ቲ ካብ ውሻጠ ጉዛኣን ዘንቀለን ሃገራዊ ጉዳይ ምፍጻሙ ግን ከም ነውሪ ተቖጺሩ ዝምድና ይጽሳእ ከምዝነበረ ናይ ትማሊ ትዝታ'ዩ። ወላ'ውን ድሕሪ'ቲ ተጋደልቲ ካብ ድሌትካ ምትራፍ'ዩ ነይሩ። ክትጎዪ ክትሰከም፡ ክትታኸሱ ድፋዕ ክትክውት ዓቕሚ ምጉዳል ማለት'ዩ። ድሕሪ ሕርሲ ንገለ ዓመታት ኣብ መዕበዪ ህጻናት ክትእሰር ናይ ግድን ስለ ዝነበረ'ውን ፈጺምካ ዝምረጽ ኣይነበረን። ካብቲ ኣህላኺ ስራሕ ግን ክቱር ፍቕርን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ዘለዎ ምኹዓት ድፋዑ ምሰኮም ኣገናዲ፡ ምፍንቃል ኣእማን ክትፍለ ኣይውሓጠላን'ዩ ነይሩ ነታ ጓለንስተይቲ ተጋዳሊት። ምኽንያቱ ካብቲ ፈጺሙ ዘይሕለኽ ፍቕሪ ብጾታ፡ ካብቲ ብሩህ ገጽን ቅኑዕ ልብን፡ ካብቲ ተስፋ ዓወት ዘለዎ ልባዊ ሓልዮት ርሒቓ ናይ ጥንስን ሕርስን ክትከውን ምስ ብጾታ እናሰሓቐትን እናተቓለሰትን ክትሰዋእ ምርጫኣ ኮይኑ።

ግን ከምቲ ባህሪ ዝዓደላ ስለምንታይ ዘይትወልድ ዝነበረት? እቲ ከርተት፡ እቲ ሃልኪ ብዓበኡ ድማ ውግኣን መስዋእትን ናብቶም ደቂተባዕትዮ ኣሕዋታ ዘይተርፍ ዝነበረ ዝበለ ሓልዮታዊ ኣተሓሳስባ ክህልወና ባህርያዊ'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እቲ ቃልሲ ንደቂተባዕትዮ ጥራይ ዝጽውዕ ዘይምንባሩ ኣጸቢቓ'ያ ትፈልጥ ነይራ። ቃልሲ ንናጽነት፡ ሸማግለ ዓዲ ወዓል'ኳ ከይተረፈ ኣነ'ውን ንሃገረይ ዝብሮ ኣሉ እናበለ ተሳቲፉ፡ ኣይታታት'ውን ተጻንበረናኦ። ንሳ ግዳ ምስ ጉብዝናኣን ጉልበታን ዝኾነ ዝተዓጻጸፉን ኣብራኽ ሐዛ እንታይ መጺእዋ'ያ ካብቲ ሓዋ ትተርፍ!?

ወላ'ተን ናይ ኢጋጥሚ ኮይኑ ዝጠመዳ ወላድ ዘጋጠመንን መጸ ባህ ይብለን ነይሩ። ምውላድን ዘይትሕስ ካብ ዕላመኣን ምግንዳበ'ዩ እቲ ባህ ዘየብለን ጉዳይ። ወላድ ዘጋጠማ ተጋዳሊት'ውን ህጻና ደርቢያ ናብቲ ድሕሪት ገዲፋቶ ዝመጸት ድፋዕ ክትምለስ'ያ ትወናወን ነይራ። ግን እንታይ'ሞ ትግበር? ናይ ሃገር ወላዲት ኩሉ ይሕርብታ ነበረ። ድሕሪ ግዜ ግን ቈልዓ ገዲፋ ናብ ብጾታ ትምለስ። ወላድ ህያብ ፍቕሪ፡ ክብሪ፡ ሓድጊ ስለዝኾነ ድማ ከብዲ ምጥምጣሉ ዘይተርፍ'ዩ። ካብ ዝፈርሓቶ ከይወጸት ድማ ድሮ ኣደ ኮይናስ ብሰንኪ ደብዳብ ጸላኢ ድማ ሞት ወላዳ ትሰምዕ፡ ግዳ ትርስዕ። ምኽንያቱ ዝዓበየ ዕማማ ወና ካልእ ስለ ዝነበረ - ናጽነት ኤርትራ።

ታሪኽ'ዛ ሓርበኛ ተጋዳሊት ዝዕገረና እንተልዩ ምእንቲ ምውላድ ናጽነት ክትብል ናይ ፍርያምነት ግዜኣ ምቝጻያ'ምበር ወላድ ጸሊኣ ከም ዘይኮነት'ዩ፡ ከምቲ ኣብ ሓደ ናይ ሃግደኤ ኣኼባ ሓንቲ ኣደ ዝበለቶ

"ይትረፈኒ መርዓ
ይትረፈኒ ቁልዓ፤
ሃገር'የ ዝወልድ ኢለን ተቓሊሰን
ወሊደን ከኣ"

ዝበለቶ፡ ሃገር ክትወልድ ኢላ'ምበር ወላድ ጸሊኣ ኣይኮነትን። ስለዚ ኩልኽን እተን ምእንቲ'ዛ ኩሉ ኤርትራዊ ዝውንና ዝወለድክናኣ ናጽነት፡ ወላድ ሱብ ዝተሓረምክንን ዘይመረጽክንን ሓርበኛታት ኣደታትን ኣሓትን፡ እታ ዝወለድክናኣ ናጽነት ድሮ ጓል 22 ዓመት ኮይና ኣላ'ሞ፡ ብኣጋጣሚ'ዚ ዝበዓል ዘሎ 24 ግንቦት - ዕለተ ልደት ጓልክን፡ ዝያዳ ኹሉ ሓበንን ክብርን ይሰምዓክን።










# ጨንፈር ስእሊ

## መኸተና ድርዕና - ስራሕ ክብርና














# ስፖርት

የናታን ዝብረሂወት
yogh@zena.gov.er

## በኢተዝ ዋንጫ ዩሮፓ ሊግ ጨቢጡ

ብቀድሚ ትማሊ ኣብ ሜዳ ኣምስተርዳም ኣሬና ኣብ ዝተኣንገደ ግጥም ፍጻመ ዩሮፓ ሊግ ንፖርቱጋላዊት









እንክብቅዕ ያን ማታ ኣብ መኣዝን ንዝለኣኻ ኩዕሶ ሰርብያዊ ተኸላኻላይ ቸልሲ ብራኒስላቭ

ኢቫኖቪች ብርእሱ ኣብ ሰኪዔት ቤንፊካ ክጸምብራ ብዝኸኣሉ ቸልሲ ኣብ ማለል

90 ደቒቕ እቲ ጸወታ ድራማዊታዊ ዓወት ክተመዝግብ ኣኽኢልዋ። ቸልሲ

ኣብ ማለል 68 ናይዚ ዓመት ስፖርት ጸወታኣ እያ ዓወት ክተመዝግብ ትርአ


ዙሉ። ኣብቲ ሓያል ጸወታ ዝተገጻበረቶ ግጥም በንፊካ ንሹቶ ዝኾና ሓደኛ ፈተነታት ኣካይዳ ያ። ይኹን እምበር ሓለው ልዳት ቸልሲ ፒተር ቸክ እንትርፎ ሓንቲ ኩዕሶ ካልእ ከበሩቕ ብዘይምኽኣሉ ንዐም ካርዓ ዝኣማሰሉ ተጻወትቲ በንፊካ ዕንቅፋት ኮይኑዎም'ዩ ኣምሲዩ።

እቲ ብደገፍቲ ቸልሲ ወትሩ ኣብ ሜዳ ዝሸደድ ግዜያዊ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ራፋኤል በኒተዝ ንዋንጫ ዩሮፓ ሊግ ንኻልኣይ ግዜኡ ኢዱ ከንብረላ ብዝኽኣሉ ስም ረኺቡ ኣሎ። በኒተዝ ድሕሪ ጂዮቫኒ ትራፓቶኒ 1977 ከምኡ'ውን 1993 (ምስ ጁቨንቱስ)፣ 1991 (ምስ ኢንተር)፣ ልዊስ ማሉወኒ 1985ን 1986 (ምስ ሪያል ማድሪድ)፣ ያንደ ራሞስ 2006ን 2007 (ምስ ሰቪያ) ኮይኖም ዝዓወቱ ኣሰልጠንቲ ብራብዓይ ደረጃ ክጽዋዕ በቒዑ'ሎ።

## ዋይን ሩኒ ናብ ኒውካስል?

ኒውካስል ንኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዋይን ሩኒ ክተፈርም ዝርርብ ጀሚራ ምህላዋ ወናኒአ ማይክ ኣሽሊ ብመንገዲ ዌብሳይት ኣብ ዝዘርግሖ ዜና ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ዓመታት ኒውካስል ኑቲ እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ንምውናን 25 ሚልዮን ፓውንድ ሰሊዓ እኳ እንተነበረት ምስ ናይ'ቲ እዋን ክለቡ ኤቨርተን ክትሰማማዕ ብዘይምኽኣላ ግን ማንቸስተር ዩናይትድ ከምዝፈረመቶ ይዝከር። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሩኒ ካብታ ሻምፕዮን ክለቡ እንግሊዝ ዝኾነት ክለቡ ንምውጻእ ወማዖዊ ሕቶ ብምቕራቡ ከም ቸልሲን ፒ.ኤስ.ጂን ካብ ዜና ምስጢጋር ተጻወትቲ ኪይወጻእና፤ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ



ዝኣማሰላ ክለቦት እውን ማሕታ ተገዳሲነት የርእያ ከምዝለዋ ይሕበር።

## ቴክኒካዊ ገምጋም ሊግ ኤርትራ

ሊግ ኤርትራ ካብ ዝጀመር ሰለስተ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ቴክኒካዊ ዕቤት ኣርእዩ ስሉባት ክበባ. ኾ እኳ እንተኾነ ዝቕልቀል ዕቤት ግን ኣየርኣየን። እኳ ደኣ እናተዳኸመ ይመጽእ ኣሎ። ነዚ ምኽንያት ዝኾኑ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተለዉ ብቴክኒካዊ መዳዩ ክዋበር ዝለብሮን ዘለዎን ገለ ክንብለኩም።

ቴክኒካዊ ዕቤት ውድድር ኩዕሶ እግሪ ዘረጋግጽ ኣሰልጠንቲ፣ ተጻወትቲ፣ ደያኑን ምሕደራን ብዝርዝርዎ ንጥፈታት ተደማሚሩ እዩ። ኣሰልጠንቲ ግን ብቐዳምነት ይጥቀሱ። እዚ ማለት ዝሁብዎ ስልጠና፣ ዝኽተልዎ ሜላ ኣጻዋውታ፣ ስነ ልቦና ኣተሓሕዛ ተጻወትቲን ኣብ ግዜ ጸወታ ዘለዎም ናይ ቴክኒካዊ ቦታ ኣወሃህባ መምርሕን ሓበሬታን የጠቓልል።

### ተጻወትቲ

ሓያለ ብቑዓት ተጻወትቲ ንምርካብ ሓደ ኣገባብ ምኽታል የድሊ። እዚ ከኣ ተካእቲ ተጻወትቲ ኩሰኩሰ ምዕባይ እዩ። እንተኾነ ዳርጋ ኩለን ጋንታታትን ኣሰልጠንትን ይትረፍ ዶ ኩሰኩሰም ክዕብዩ ባዕሎም ዝዓብዩ ዘለዉ ተጻወትቲ 2ይ ዲቪዝዮን ወይ 3ይ ዲቪዝዮን'ውን ምዕባሌታቶም ክዕዘቡ ኣብ ቦታ ውድድር ኣይረኣዩን እዮም። ውሑዳት ከኣ ኣብ ግጥማት 1ይ ዲቪዝዮን ዞባ ማእከል ይረኣዩ። ብዘወሳኺ ተካእቲ ተጻወትቲ ኣብ ምኹስኳስ ዘድሊ መሳለጥያ ሕጽረት ከምዘሎ'ውን ኣይሰሓትን።

ስለዝኾነ ኣብ ጋንታታት ሕጽረት ተጻወትቲ ክሳቐየንን ሰብን ለቓቒበን ክጻወታን ይርኣያ። ተካእቲ ተጻወትቲ ኣብ ምምልማልን ኣብ መንእሰያት ተጻወትቲ ዝተመርኮሰት ጋንታ ደጋሪጋ ብምቕራብ እተልለን - ጋንታ ኣልታሕረር ከይጠቐሰት ኣይትሓልፍን። ኣብ ዞባታት እውን መንእሰያት ተጻወትቲ ኣለዉ። ግን ብቐዓቶም ንሊግ ዝኸውን ድዩ? ተጻወትቲ ክበዝሑ ከለዉ ብኸመይ መጺኦም፣ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ቀሲሞም፣ እንታይ መሳለጥያ 'ከ ረኺቦም ምፍላጥን ምግምጋምን ኣገዳሲ'ዩ።

ይቕጽል . . .

## ግራስ ሩት ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፣ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዓመት 2012 ዝጀመሮ መደብ ስልጠና ህጻናት (ግራስ ሩት) ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ፣ ብዘለዓለ መልክዑ ንምቕጻል ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሃገርና ዑደት ብምግባር እቲ መደብ ብዝሰፍሐ ንምትግባር ተበግሶታት ክወስድ ጀሚሩ ይርከብ። እዚ ብምትሕብባር ዓለማዊ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ (FIVB) ዝተበገሰ ፕሮጀክት ህጻናት ኣብ ኩዕሶ መርበብ ፍቕሪ ከም ዘሓድሮም ቡቲ ዓውዲ ስፖርት ንምምዕባሎምን ዝዓለመ ኮይኑ ኣብ 2015 ናይ ዞባዊ ተውዳደርቲ ትሕቲ 17 ዓመት ንምፍራይ'ዩ ቀዳማይ ዕላማኡ።

ነዚ ተበግሶ እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝተጀመረ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ከም ዝተዛዘመን ነፍሲ ወከፍ ዞባ ኑቲ መደብ ንምኪያድ ኮዓሳሱ ክወሃብ ከሎ ካልእ ካልእ ናውቲ ስፖርት ምዕዳል ድማ ድሮ ብዞባ ደቡብ ጀሚሩ ኣሎ።

እዚ ኣብ ሹዱሽተ ዞባታት ዓሰርተ ሽሞንተ መሰልጠኒ ማእከላት ብምቛም ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና ኣብ ምዕባለ ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ሃገርና ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ከም ዘይኮውን ይግመት። ኑቲ መደብ ንምግምጋም ዝሓለፈ ሰንበት ፈጻሚት ሽማግለ ሃገራዊ ፈደረሽን ምስ ሚ/ትምህርቲ ብምውህሃድ ኑቲ መደብ ንምዕዛብ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝገበረቶ ዑደት፣ ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ደቡብ ኣብ ከተማታት ደቀምሓረ፣ መንደፈራ፣ ዓዲ'ኳላ ኣብ ዘዳለዎ ቦታታት ኑቲ መደብ ክቕጽሎ ምኳኑ ብምርግጋጽ ብፍላይ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ህጻናት ፍሉይ ጦብላሕታ የሕዲሩ ኸም ዘሎ ተገምጊሙ።

ሊግ ኤውሮጳ ዝጸበያ ዘሎ ጀርመናዊት ክለብ ቦሩሲያ ዶርትመንድ ኣብ ልዕሊ ኣጥቃዓይ ኣስቶን ቪላ ክሪስትያን በንተከ ሃደን ተካይድ ኣላ - ብመሰረት ሓበሬታ ወከል'ቲ ተጻዋታይ። ዶርትመንድ ንበንተከ መተካእታ ናይቲ ካብታ ክለብ ክወጽእ ምኻኑ ዝነገረሉ ድንቂ ኣጥቃዓይ ሮበርት ለቫንዶብስኪ ንክኾና ሓሊና ምህላዋ ድማ ይሕበር።

ወዲ 22 ዓመት በንተከ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ክለብ ገንክ ብ8 ሚልዮን ዩሮ ተዓዲጉ ናብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ከምዝመጽአ ይፍለጥ። ዲሪኮንን ዝማበቆሉ በልጁማዊ በንተከ ኣብዚ ናይ ፈለማ ተሳትፎኡ ኣብ እንግሊዝ ንኣስቶን ቪላ ብድምር 23 ሹቶታት ከመዝግበላ ክኢሉ'ዩ።

# ዜና ዓለም

ተስፋኣለም የማነ

## ንክድቅስ 127 ሽሕ ዶላር ዘባኸነ መራሒ እስራኤል

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ፡ ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ናይ'ታ ቅድሚ ሐደት ሰሙናት ዝሞተት ብሪጣንያዊት መራሒት-ነበር ማርጋሬት ታቸር ንምስታፍ ምስ በዓልቲ ቤቱ ካብ ቴልኣቪቭ ናብ ሎንደን ኣብ ዘካየዶ ናይ ኣርባዕተ ሰዓታት ጉዕዞ ንኽድቅስ ኢሉ 127 ሽሕ ዶላር ከምዝባኸነ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣጋሊጸን።

ብመሰረት'ተን ማዕከናት ዜና፡ ነታንያሁ ቅድሚ ናብቲ ቀብሪ ምንቃሉ እታ ዝጓዓዞላ ነፋሪት ንዕኡን ንስበይቱን ዝደቅስ ፍሉይ ናይ ምቕማጥ ክፍሊ (ጋቢና) ግድን ክህልዋ'ዩ ሓቲቱ። ሰራሕተኛታቱ ድማ ነቲ ትእዛዝ ብምኽባር 123 ሽሕ ዶላር ሰሊዖም እቲ ዝደልዮ ዓይነት መደቀሲ ጋቢና ብምስራሕ ኣብታ ነፋሪት ከምዝገጣጠም ገይሮምሉ። ከምቲ ዝደለዮ ድማ ኣብኡ ምስ ሰበይቱ ደቂሱ ሎንደን ኣትዩ።

እቲ መራሒ ሃገር ከምዚ ክገብር ዝወሰኖ ምኽንያት ኣብቲ ሓያል ሰዓታት ከምዝወስድ ዝኸምከም ስነስርዓት ቀብሪ ናይ'ታ መራሒት ነበር ንኸይተኸስ ኢሉ'ዩ። ኮይኑ ግን እቲ ዘባኸኖ ገንዘብ - ገንዘብ መንግስቲ ብምንባሩ ኣብ ህዝቢ ሓያል ቁጥዐ ከየለዓዓለ ኣይተረፈን።

እታ ሃገር ኣጋጢምዋ ዝነበረ ናይ ኣስታት 11 ቢልዮን ዶላር ሕጽረት ባጀት ንምቕላል መንግስቲ ንማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝሰልዕ ዝነበረ ባጀት ክቖርጽን መጠን ዝስልዖ ቀረጽ ድማ ክብ ክብሎን ምኽንያት ኣብ ዝእወጀሉ ዘሎ እዋን፡ ነታንያሁን ስድራ-ቤቱን ዘይተኣደነ ገንዘብ መንግስቲ የባኽኑ ምህላዎም'የን ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ዝሕብራ።



በዚ መሰረት፡ ነታንያሁን በዓልቲ-ቤቱን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ብጠቕላላ ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ዶላር ገንዘብ መንግስቲ ክሕሽሹ እንከለዉ፡ ካብኡ እቲ 134 ሽሕ ዶላር ንመግዛእቲ እንግዶትን፡ 335 ሽሕ ዶላር ንጽሬትን ጽገናን፡ 31 ሽሕ ዶላር ንዕድጊ ናውቲ ክሽነን ሳሎንን፡ 19 ሽሕ ዶላር ድማ ንክዳውንትን መመሸጥን ኣባኺኖሞ።

ዓመታዊ 'ጆሎተ' ንዝዓደይኑ መግቢ ጥራይ 2,700 ዶላር ዘባኸኑ ነታንያሁ፡ ቅድሚ ሐደት መዓልታት ናብ ቻይና ኣብ ዘካየዶ ወግዓዊ ዑደት 31 ሰባት ከሰንዩዎ እንከለዉ፡ ካብኣቶም እቶም ክልተ ንበዓልቲ-ቤቱን ክልተ ደቁን ጥራይ ዝከታተሉ ኪይምቲ ምንባሮም እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ይሕብራ።

## ንመራሒት-ነበር ከምዘይትለቃ ትገልጽ ዘላ ዩክሬን



ዩክረይን ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ውዕል ንግድ ንኽትክትም ክትብል ንመራሒታ-ነበር ዩሊያ ቲሞሸንኮ ካብ ማሕዩር ከምዘይትለቃ ደጊማ ኣነጺራ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቤት-ፍርዲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ'ታ በዓልቲ ስልጣን-ነበር ዝሓለፎ ብይን ናይ መውዳእታ ምኳኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ መንግስቲ ጣልቃ ኣትዩ ከገላግላ ሕጋዊ ስልጣን ከምዘይብሉ ኣረዲኡ። ንሕብረት ኤውሮጳ ከሐጉስ ኢሉ ልዕልና ሕጊ ክረግጽ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ከምዘይመርጽ ድማ ወሲኹ ኣነጺሩ።

ሕብረት ኤውሮጳ ምስ ዩክሬን ውዕል ናጻ ንግድ ክኸትም መዲቡ'ኳ እንተሎ፡ እታ ሃገር ነታ ካብ 2011 ኣትሒዛ ኣብ ማሕቡስ ተዳጕና ዘላ መራሒት ነበር ናጻ ክትለቃ'ዩ ከም ቅድመ-ኩነት ኣቕሪቡላ ዘሎ። ነቲ ቅድመ-ኩነት ክሳብ መውዳእታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ተቐቢላ ከተተግብሮ እንተዘይክኢላ ድማ ነቲ ምስኣ ክኽትሞ ተዳልዩሉ ዘሎ ንግዳዊ ውዕል ዳግመ-ግምት ክገብረሉ ምኻኑ የጠንቀቐ ኣሎ።

እንተኾነ ገለ ኣባል ሃገራት'ቲ ሕብረት ነቲ ተቐሚጡ ዘሎ ቅድመ-ኩነት ኣይደገፍኦን ዘለዋ። ዩክሬን ናብ ጽልዋ ሩሲያ ከይትኣቱ ዝሰግኣ ሽወደንን ፖላንድን ዝርከብኦን ኣባል ሃገራት፡ እታ መራሒት ነበር ትለቐቕ ኣይትለቐቕ ብዘየገድስ እቲ ውዕል ክኽተም ከምዝለዎ የዘኻኽራ ኣለዋ። ኣብቲ ሕብረት ምሉእ ኣባልነት ዘይብላ ብሪጣንያ ድማ ብኣንጻሩ ሉልያ ቲሞሸንኮ ከይተፈትሐት እቲ ውዕል ንኸይክተም ኣበርቲዓ ትገስግስ ኣላ።

ብኣራንቾኒ ሰውራ ተሓጊዛ ኣብ 2004 ኮረሻ ስልጣን ዝጨበጠት ሉልያ ቲሞሸንኮ፡ ኣብ ዘመነ ስልጣና ፈጺማቶ ብዝተባህለት ቁጠባ ሃገር ዘቖንቆነ ገዚፍ ፊናንሲያዊ ስርቅን ምጥፍፋእን ተኸሲሳ'ያ ኣብ ማሕቡስ ተዳጕና ዘላ።

## ብቡልዶዘር ዝዓነወ ጥንታዊ ሃረም ንግስነት ማያ

ኣብ በሊዝ ልዕሊ 2,300 ዓመት ዕድመ ከምዝነበሮ ዝተነግረሉ ጥንታዊ ሃረም ንግስነት ማያ ብቡልዶዘር ከምዝዓነወ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ዝተፈነወ ዜና፡ እቲ ኣብታ ሃገር ካብ ዝነበሩ ተመሳሰልቲ ሃረማት ዝዓበየ ምንባሩ ዝተገልጸ ሃረም ክዓኑ ዝኸኣለ፡ ብርክት ዝበሉ ቡልዶዘራት ኣብቲ ከባቢ ክህንጽ ንዝጀመረ ሓድሽ ጽርግያ ዝኸውን ደቀቕቲ ኣእማን ንምእካብ ኢለን ክግሕጥኦ ድሕሪ ምጅማረን'ዩ። ሓለፍቲ ናይ'ቲ ፕሮጀክት፡ እቲ ዕንወት ብጌጋ ዘጋጠመ ደኣ'ምበር ደይ መደይ





ተባሂሉ ዝተፈጸመ ከምዘይኮነ ክገልጹ እንከለዉ፡ ምሁራትን ፖለቲከኛታትን'ታ ሃገር ግን ነቲ ተግባር ብከድሪ ኮኒኖም ኣለዉ።

እቲ ጌጋ ፈጺሙ ይቕረ ክበሃሎ ዘይክእል ናይ ደናቁር ተግባር ምኳኑ ብምግላጽ ድማ፡ መንግስቲ ንፈጸምቱ ሐተቲ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከቕርቦም ጸዊዖም ኣለዉ። ድሮ'ውን እተን ቡልዶዘራት ነቲ ሃረም ብኸመይ ከምዝዕንዋኦ ንምፍላጥ መንግስቲ ሓንቲ መርማሪት ጉጅለ ናብቲ ቦታ ልኢኹ ኣሎ።

ኣስታት 350 ሽሕ ህዝቢ ዘለዋ በሊዝ ኣብ ማእከላይ ክፋል ኣመሪካ እትርከብ ንእሽቶ ሃገር ኮይና፡ ሙብዝሕትኦም ዝዓነዉ ኣማኢት ጥንታውያን ሃረማት ከምእትውንን ይንገረላ።

### ተገሪሙኒ........

ኣብ ቻይና ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ተማዛራይ ወለዱ "ኣጽንዕ!" እናበሉ ወትሩ ጸቕጢ ክፈጥሩሉ ድሕሪ ምጽናሕ ካብቲ ጸቕጢ ንምግልጋል ሰባት ዓሰቡ ከምዝቖተለም ሸንህዋ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ዞባ ሄናን ዝነብር ኮተቴ፡ ዝበዝሐ ግዜኡ ኣብ መጽናዕቲ ናይ ትምህርቱ ክሕልፎ ይግደድ ምንባሩ ዝጠቐሰ ፖሊስ ቻይና፡ ካብ ግዱድ መጽናዕቲ ሓራ ኮይኑ ምስ ማዛናታቱ ንኽጻወትን ክዕንደርን ኢሉ ብመገዲ ክልተ ሰባት ንኣቦኡን ዓባይ ሓብቱን ከምዝቐንጸሎም ኣረዲኡ።

ድሕሪ'ቲ ትራጀዲ፡ እቶም ቀተልቲ ብሓገዝ ኣብቲ ገዛ ተተኺለን ዝነበራ ናይ ጸጥታ ካሜራታት ብዙሕ ከይደንጐዩ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክውዕሉ እንከለዉ፡ እቲ ኮተቴ'ውን ኣሰሮም ብምስዓብ ኣብ ቀይዲ ከምዝኣተ ተገይሩ ኣሎ።

## ዜና ብሓጺሩ

ጣሊባን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ክታበት ፖሊዮ ኣፍጋኒስታን ከካይዶ ዝጸንሖ መጥቃዕትታት ደው ከምዝበሎ ሓቢሩ።

እቲ ዕጡቕ ውድብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ኣብ ዘውጽኦ ወግዓዊ መግለጺ፡ ንህጻናት ካብ ሕማም ፖልዮ ከድሕኖም ዝኽእል እንኮ መገዲ ክታበት ጥራይ ምኳኑ ክኣምን ከምዝኸኣለ ብምምልካት፡ ኣብቲ ክታበት ክሳተፉ ዝጸንሑ ሰራሕተኛታት ሰራሓም ዳግማይ ክቕጽሉ ጸዊዑ።

ኣብ ኣፍጋኒስታን ክታበት ፖሊዮ ዘድልዮም ልዕሊ 8 ሚልዮን ህጻናት ከምዘለዉ ሕክምናዊ ጸብጻብ'ታ ሃገር የመልክት።

***

ኣመሪካ ካብቲ ኣብ ሊብያ ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ብምስጋእ ልዕሊ 200 ወታሃደራት ናብቲ ከባቢ ከምዘዋፈረት ተገሊጹ።

ብመሰረት ካብ መንግስቲ ኢጣልያ ዝተረኸበ ሓበሬታ፡ እቶም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝኾኑ ወታሃደራት ብኽልተ ወታሃደራውያን ነፈርቲ ተሰኒዖም ኣብ ሲቺልያ ዓስኪሮም ኣለዉ።

***

ሓደ ታይዋናዊ ገፋፊ ዓሳ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ፍሊፒንስ ድሕሪ ምቕታሉ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ሓያል ፖለቲካዊ ወጥሪ ተኸሲቱ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ታይዋን ብፍሊፒንስ ንዝቐረበላ ናይ ይቕሬታ ሕቶ ነጺጋቶ።

ፍሊፒንስ ብመገዲ'ቲ ኣብ ታይፐይ - ርእሰ ከተማ ታይዋን ዝመደበሩ ላዕለዋይ ዲፕሎማታ ኣቢላ ይቕሬታ'ኳ እንተሓተተትሉ፡ ታይዋን ግን "ካብ ማኒላ ንዘዋሃብ ወግዓዊ ይቕሬታ እንተዘይኮይኑ ብደረጃ ዲፕሎማት ንዝቐርብ ዘይወግዓዊ ይቕሬታ ፍጹም ኣይቕበሎን'የ" ብምባል ኣቕቢጻ ኣላ።

በዚ ከኣ ኣብቲ ምስ ፍሊፒንስ ዝዳወብ ማያዊ ግዝኣት ሓድሽ ወታሃደራዊ መናወራታት ከተካይድ ምኳና ኣጠንቂቓ ኣላ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ምስ'ታ ሃገር ከተካይዶ ንዝጸንሐቶ ንግዳዊ ልውውጥ'ውን ደው ከተብሎ ምኳና ትፍክር ኣላ።

***

መንግስቲ ናይጀርያ ነቲ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ'ታ ሃገር ከምዝዝበስ ዝገልጽ ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮሓራም ንምድምሳስ ገዚፍ ወታሃደራዊ ሓይሊ ናብቲ ከባቢ ኣቕኒዑ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ መንግስቲ ነዚ ስጉምቲ ዝወሰደ ዘሎ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ሰለስተ ብመጥቃዕቲታት ቦኮሓራም ዝተናወጻ ዞባታት'ታ ሃገር ህጹጽ ናይ እቶ እቶ ኣዋጅ ድሕሪ ምእዋጁ'ዩ።



Sabur Printing Services